
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.139 | ሰሉስ 10 ለካቲት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ወግዒ ታሪኽ
ፈንቅል - ቅያ ኣናብስ

ገጽ 4
ሕማም
ልቢ


ገጽ 5
ምርምር
ናይ
ምርምራት

ገጽ 7
ጳውሎስ ወልደሃይማኖት
ፕረዚደንት ሴካፋ ኮይኑ ተመሪጹ


## ባረንቱ - ኣብ ካዳስተራላዊ ምዝገባ ዘተኰረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ



ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፣ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ካዳስተራላዊ ምዝገባ ከምኡ'ውን ዕቃብ ኣኽብሮን ምሕደራ ጕሓፍን ክብ ንምባል፡ ብ4ን 7ን ለካቲት ኣብ ባረንቱ ንወከልቲ ህዝብን ኣመሓደርቲ ከባብን ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ሓላፊ ጨንፈር ካዳስተር ኣቶ ሰመረ ስእለ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ንትርጉም ካዳስተራላዊ ምዝገባን ኣገዳስነቱን ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሰፊሕ መግለጺ፡ ንመሬትን ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተደኰነ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ኣብ ልዕሊኡ ንዘህሉ መሰላትን ግቡኣትን፡ ካዳስተራላዊ ምዝገባ ሕጋዊ ውሕስነት ዝህብ ኣገዳሲ መሳርሒ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ኣዋጅ ምዝገባ መሬትን ካልእ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ቍጽሪ 95/1995፡ ከሉ ብመሰል ተጠቃምነት ዝተመርሐ መሬትን ኣብ ልዕሊኡ ዝተደኰነ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ክምዝገብ ከምዝእዝዝ፡ እንተዀነ ኣብ'ቲ ዞባ ክም'ቲ ዝድለ ከምዘይሰጕመ ዝጠቐሰ ኣቶ ሰመረ፡ ንምሕደራ ባህርያዊ ጸጋታት፡ ምሕንጻጽ መደባት ሃገራዊ ልምዓት፡ ምምዕባል ኣገደስቲ ፖሊሲታት፡ ከምኡ'ውን ዘድሊ መሰረታዊ ሓበሬታ ንምርካብን ልዑል ኣበርክቶ ስለዘለዎ፡ ኩሎም ኣካላት መንግስቲ፡ ማሕበራትን ህዝብን ብዝለዓለ ክደፍኡሉ ተላቢዩ።

ምዝገባ ንረብሓ ህዝብን መንግስትን ስለዝኾነ፡ ነፍሲ-ወከፍ ብዓል ንብረት ንዝተጠርየ ንብረት ከመዝግብ ግዴታ ከምዘለዎ ብምሕባር፡ ወሃብቲ ኣገልግሎትን ፈጸምቲ ውዕልን ትካላት፡ ኣገልግሎት ቅድሚ ምሃቦም፡ ሰነድ ምዝገባ ዋንነት ዘይንቀሳቐስ ንብረት ከምዘለዎ ከረጋግጹ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ኣከባቢ ኣቶ ሰመረ ገብረእግዚኣብሄር ብወገኑ፡ ንኣዋጅ መርሓ ምክልኻልን ምሕደራን ፍወሳን ኣከባቢ ቍጽሪ 179/2017 መሰረት ብምግባር፡ ብስነ-ኪ. ግጉይ ኣተሓሕዛን ኣወጋግዳን ጕሓፍ ኣብ ኣከባብን ጥዕና ሰብን እንስሳታትን ክስዕብ ካብ ዝኽእል ጉድኣት ንምክልኻል፡ ጽፉፍ ምሕደራን ኣወጋግዳን ከምዝህሉ ክግበር ብምዝኽኻር፡ ኣብ ኣከባቢ ዝፍጠር ብከላ ንጥዕና ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ስለዝኾኑ፡ ህዝቢ ኣብ ምውጋድ ደረቕን ፈሳስን ጕሓፍ ብንቕሓት ክዋሳእ ኣተሓሳሲቡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ኣቶ ተስፋኣለም ባህታ ድማ፡ መሳርሒ ካዳስተራላዊ ምዝገባ ብኣድማዕነት ንኽትግበር፡ ኣመሓደርቲ ምምሕዳራት ከባቢ መሪሕ ተራ ክጻወቱ ተላብዩ።



## ጋዜጣዊ መግለጺ

ንጥፉእ ዕላማ ዝተፈብረኸ ሓሶት!

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ ኣንጻር ኤርትራ ዘቕረቦ ናይ ሓሶት ጠቕዑ ንጥፉእ ዕላማ ዝተፈብረኸ፡ ብቓናኡን ትሕዝቶኡን ዘስደምም'ዩ።

ኤርትራ፡ ሕጂ'ውን ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ናይ ሕሱር ሓሶታት መኣዲ፡ ኑዳዲ ንምኽያውን ንፋስ ንምንብድባድን ከምዘይትዕደም፡ ደጊማ ተረጋግጽ።

ሚኒስትሪ ዜና
ኣስመራ
9 ለካቲት 2026

## ኮሎኔል ተስፋብርሃን ባህልቢ ተሰዊኡ



ገዲም ተጋዳላይ - ኮሎኔል ተስፋብርሃን ባህልቢ (ወዲ ቐሺ)፡ ብ17 ጥሪ ኣብ መበል 69 ዓመት ዕድሜኡ ብሕማም ኣብ ሮማ - ኢጣልያ ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ለካቲት 1976 ኣብ መሳርዕ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈን ኣብ 1987 ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ማእከላይ መሪሕነት (ሳግም) ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረን ተጋዳላይ ተስፋብርሃን፡ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ክሳብ ብደረጃ ማእከልነት ቦጦሎኒ፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ክሳብ ብደረጃ ማእከልነት ክፍለ-ሰራዊት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ስውእ ኮሎኔል ተስፋብርሃን ባህልቢ (ወዲ ቐሺ)፡ ብዓል-ሓዳርን ኣቦ ክልተ ደቅን'ዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 9 ለካቲት ፍርቂ መዓልቲ፡ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ - ኮሎኔል ተስፋብርሃን ባህልቢ (ወዲ-ቐሺ) ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

## ሰንዓፈ - ክሸቦን መርዓ ትሕቲ-ዕድመን ንምውጋድ ይሰራሕ ኣሎ

ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣብ ዝርከብ ምምሕዳራት ከባቢ፡ ብ4ን 5ን ለካቲት ኣብ ምውጋድ ክሸቦ ደቀኣንስትዮን መርዓ ትሕተ-ዕድመን ዘተኰረ ኣኼባታት ተኻዪዱ።

ኣብ ሃማደኤ ሓላፊት ጨንፈር ዝምድናታት ወጻኢ መምህር እሙና ሳልሕ፡ ኣብ ሳዕቤናት መርዓ ትሕተ-ዕድመ፣ ጥዕናውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሰንበራት ክሸቦ ደቀኣንስትዮ፣ ከምኡ'ውን ንቑሕ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣብ'ቲ ንምውጋዱ ዝግበር ጻዕሪ ዘተኰረ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

እቲ ሃሳዩ ልምድታት ኣብ ገሉ-ገለ ምምሕዳራት ከባቢ ብስቱር ይካየድ ስለዘሎ፡ ንዕኡ ወጊድ ኣልካ ሰቓይ ደቀኣንስትዮ ከምዝዉበቕዕ ንምግባር፡ ተራ ኮም ብፍላይ ከኣ ናይ ደቀኣንስትዮ ክቡብ ክቡብ ጸዊዑ።

ሓላፊት ሃማደኤ ጨንፈር ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ሰናይት ኣፈወርቂ ብወገና፡ ተራን ተሳትፎን ደቀኣንስትዮ ኣብ ቁጠባዊ፡ ባህላዊ፡ ማሕበራውን ፖለቲካውን መዳያት ንምዕባዘ ዝተኻየደ ጻዕሪ ኣተባቢዒ ውጽኢት ተረኺቡዎ ከምዘሎ፣ እንተኾነ ኣብ ምውጋድ ሃሳዩ ልምድታት ሓያል ስራሕ ዝሓትት ኩነታት ከምዘሎ ገሊጻ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ጥዕይቲ ኣደ መሰረት ጥዑይ ሕብረተሰብ ስለዝኾነት፡ መሰል ጓልኣንስተይቲ ዝሃስን ጥዕናኣ ዝሃስን ተግባራት ንምውጋድ ብዝለዓለ ክሰርሑ ምዃኖም ብምርግጋጽ፡ ብደረጃ ዓድታትን ምምሕዳራት ከባብን ዝግበር ኣስተምህሮታት ብዝሰፍሐ ክቕጽል ተማሕጺኖም።


ስእሊ መሓመድ፡ ኣደፈራሕ

# ደቡብ - ‘መውል’ ወፍሪ ርእሰ-ማል ንምስፋሕ ኣበርቲዑ ይሰርሕ

ጨንፈር ‘መውል’ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ምስፋሕ ወፍሪ ርእሰማል ኣበርቲዑ ንኸሰርሕ፡ ተራ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታትን ምምሕዳራት ከባብን ክዓዝዝ፡ ሓላፊ ናይ’ቲ ትካል ኣቶ ትርፊ ገብረዮውሃንስ ብ5 ለካቲት ኣብ ከተማ መንደፈራ ኣብ ዝተገብረ ገምጋም ጸዊዑ።

እዚ 9773 ዓማዊል ዘለዉዎ ጨንፈር፡ ኣብ 2025 ን2,694 ተለቃሕቲ ልዕሊ 36.6 ሚልዮን ናቕፋ ከምዝዓደለ፣ ከምኡ’ውን ኣብ ዓማዊል ተዘርጊሑ ዝጸንሐ 40 ሚልዮን ናቕፋ ከምዝኣከበ ብምንጻር፡ ንተራን ኣበርክቶን ሰራሕተኛታት፡ መሻርኽቲ ኣካላትን ምምሕዳራት ከባብን ሞጉሱ።

“መውል፡ ተሳታፍነት ህዝቢ ኣብ ፋይናንሳዊ ጽላት ንምዕባይ ዝሰርሕ ዘሎ ትካል’ዩ” ዝበለ ግዝያዊ ሓላፊ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት መውል ኣቶ ታፍላ ኣስመሮም ብግደኡ፡ ኣብ’ቲ ዞባ ውጽኢታዊ ስራሕ ከምእተሰላሰለ፣ እንተኾነ ብዙሕ ዝተርፍ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ዝዕደል ልቓሕ ኣብ ዘይምዓልኡ ከይውዕል ዕቱብ ምክትታል ክግበር ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ኣብ ዘስመዖ መዛዘሚ ቓል፡ እቲ ትካል ኣብ ንጥፈታቱ ዓይነታዊ ለውጢ የርኢ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ምምሕዳር ዞባ ዘጋጥሙ ብድሆታት ንምፍታሕ ከምዝጽዕር ኣረጋጊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ግዜኡ ዝሓለፈ ልቓሕ ምምላስ፣ ዝዕደል መጠን ልቓሕ ምዕባይ፣ ዓዳውያን ባንክታት ምስሳንን ምዕቃብን፣ ከምኡ’ውን ስጡም ዝምድና ምስ መሻርኽቲ ምፍጣር፡ ገለ ካብ ቀንዲ መደባት ስራሕ 2026 ምዃኖም ተገሊጹ።



“ብሰንኪ ሕጽረት ገንዘብ ካብ ኣፍራይነት ዝበኩር ዜጋ ክህሉ የብሉን” ብዝብል ቴማ ኣብ 1996 ኣብ ትሕቲ ጽላል ምምሕዳር ዞባ ደቡብ፣ ካብ 2002 ድማ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃገራዊ ልምዓት ዝነጥፍ ዘሎ መንግስታዊ ፋይናንሳዊ ትካል ‘መውል’፡ 3 ጨናፍርን 155 ዓዳውያን ባንክታትን ኣለውኦ።

# ሓልሓል - ኣዕሩኽ መንእሰያት ተመሪጾም

ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ሓልሓል፡ ውዳበታቱ ንምሕያል፡ ብ2 ለካቲት ኣብ ትሸዓተ ምምሕዳራት ከባቢ ምርጫታት ሸማግለታት ኣዕሩኽ መንእሰያት ኣካይዱ።

ሓላፊ ናይ’ቲ ቤት-ጽሕፈት መንእሰይ ዓብዱራሕማን ሓምድ፡ እቲ ዕላማ፡ መንእሰያት ተጠርኒፎምን ተወዲቦምን ተጠቀምቲ ናይ’ቲ ማሕበር ዝፈጥሮ ዕድላት ንምግባሮም ከምዝኾነ ገሊጹ።

ፖለቲካዊ ንቕሓት መንእሰያት ምብራኽ፣ ማሕበራውን ቁጠባውን ዓቕሚ መንእሰያት ምዕባይ፣ ከምኡ’ውን ኣፍራይነት መንእሰያት ኩብ ምባል፡ ካብ’ቶም ማሕበር ብዘለዓለ ዝሰርሓሎም መደባት ምዃኖም ድማ ኣብሪሁ።



ተሳተፍቲ ብግደኦም፡ ዛጊት ናይ ስልጠና ዕድላት ዘይረኸባ ዓድታትን ምምሕዳራት ከቡብን ተረባሕቲ ክኾና፣ ከምኡ’ውን ኣብ ህሉው ኩነታት ዘተኩረ ኣስተምህሮታት ክድፋኣሉ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሓልሓል ኣቶ ግርማጽን ኣብርሃን ጸሓፊ ህግደፍ ናይ’ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሱሌማን ዑመርን፡ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን



ዓቕሚታት መንእሰያት ንምብራኽ ዝካየድ ንጥፈታት፡ ኣፍራይነቶም ክዓዝዝ ዝሕግዝን ባይታ ዝፈጥርን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ መንእሰያት ኣብ ትሕቲ ጽላል ማሕበር ክውደቡ ኣዘኻኺሮም።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ 1284


# ዓሊግድር - ኣገልግሎት ጽሩይ ዝስተ ማይ ተመሓዩሹ

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ - ምምሕዳር ከባቢ ዓሊግድር፡ ብሰንኪ ሕጽረት ጸዓት ከፊላዊ ኣገልግሎት ክህብ ዝጸንሐ ኣገልግሎት ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ጸሓያዊ ጸዓት ተማሊኡሉ ብምሉእ ዓቕሙ ክሰርሕ ከምዝጀመረ፡ ኣመሓዳሪ ናይ’ቲ ከባቢ ኣቶ ፈረጅ ማሕሙድ ሓቢሩ።

ኣስታት 300 ሽሕ ናቕፋ ወጻኢ ዝተገብረሉ ጸሓያዊ ጸዓት ኣብ ክልተ ቦታ ከምእተዋደደ ብምጥቃስ፡ ኣስታት 6 ሽሕ ነበርቲ ዓሊግድር፡ እንጅሓይ፡ መከሰራትን ካምቦ 10ን ውሕስነቱ ዝተረጋገጸ ጽሩይ ማይ ክሰትዩ ከምዝበቐዑ ኣፍሊጡ።

ምጅማር ናይ’ቲ ኣገልግሎት ኣብ ህዝቢ ሩፍታ ከምዝፈጠረ ብምግላጽ፡ ኑቲ ስራሕ ኣብ ምዕዋት ኣበርክቶ ንዝገበሩ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ተሰነይን ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካን ሞጉሱ።

ካብ ኮሚተ ልምዓት ማይ ዓሊግድር ኣቶ የማነ ወልዳይ ብወገኑ፡ ዝጸንሐ ሽግር ማይ ንምቕንጣጥ ዝተበገሱ ኣባላት ኮሚተ ብተወፋይነት ሳላ ዝሰርሑ እቲ መደብ ከምእተዓወተ ብምሕባር፡ ጸሓያዊ ጸዓት ልዑል ክንክንን ውሕሉል ኣጠቓቕማን ምስ ዝግበረሉ ኣዕጋቢ ኣገልግሎት ስለዝህብ፡ ነበርቲ ብውሕልነት ክጥቀሙሉ ኣዘኻኺሩ።

ነበርቲ ብወገኖም፡ ዝጸንሐ ሽግር ማይ ንዕለታዊ መነባብሮኦም ብኣሉታ ክጸልዎ ስለዝጸንሐ፡ ምጅማር ናይ’ቲ ኣገልግሎት ዕግበት ከምዝፈጠረሎም ብምግላጽ፡ ንልዑል ተሳትፎ ኮሚተ ዓድን ኣብ’ቲ ስራሕ ዝተዋስኡ ኣካላትን ኣመስጊኖም።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ፍኖተ ህይወት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ኣከባቢ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 15:15 | ዶክመንታሪ |
| 15:40 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:15 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 18:25 | ምኽሪ ሞያውያን |
| 19:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ወግዒ ታሪኽ
# ፈንቅል - ቅያ ኣናብስ

(መበል 14 ክፋል)

ግርማይ ወልደጊዮርጊስ (መንጸፍና)

## ዘየወላውል ተባዕ ስጉምቲ

ላዕለዎት መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ኑቲ ኣብ ውሽጢ ባጽዕ ሰላማዊ ህዝቢ ጀሆ ሒዙ ክከላኸል ዝፍትን ዝነበረ ጀነራል ተሾመ ተሰማ ሓሳቡ ንኽቅየር ዝገበሩዎ ጻዕሪ ኣይሰመረን። ስለዚ ምስ ኣዘዝቲ ሰራዊቶም ብምልዛብ፡ ነዚ ዕንቅፋት ዝኾነ ጀነራልን ሰዓብቱን ሃንደበታውን ተባዕን ረቂቕን ልዕሊ ኩሉ ድማ ህዝቢ ብዘይህሰየሉ መገዲ ንምድምሳሱ ሓድሽ ስልቲ ከምዝሓንጸጹ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና ጠቒስና ነይርና።

በዚ ሓድሽ ወተሃደራዊ ስልቲ'ዚ ድማ፡ ሓሙስ 15 ለካቲት 1990 ልክዕ ሰዓት 5:30 ድሕሪ ቐትሪ ማእከሎትን ዓበይትን መዳፍዕ ሞርታራትን ረሻሻትን ህዝባዊ ግንባር ልክዕ ከምቲ ብኣይዚ በረድን መሸምጥጥን ምድሪ ዘጸልምት ዝናብ፡ ናብ ቦታ ጸላኢ ክዘንብ ጀመረ። ባሕሪ'ውን እቲ ተኾሰ ግዱ መሲጥዎ፡ ካብቲ ወፈርዎ ዝወዓለ ናብ መሬት ብምጽጋዕ በብቐሩብ ምምላእ ጀመረ። ናይ ተበገሰ ሰዓት ምስ ኣኸለ፡ ኣባላት ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 70 ልክዕ ሰዓት 5:45 ካብ ጸግዒ ሲነማ ኣይዳ ናብ ውሽጢ ባሕሪ ጠሓሉ። በብቐሩብ መንደቕ ድንድል ሲጋለት ተጸጊዖም ቅልጥፈ ወሲኾም ንማይ ባሕሪ እናንገለሁ ገስገሱ። ኑቲ ኣብ ምጉያይ ዝሕል ዝበለ ሳልሕ ዓፋን፡ መራሒ ጋንታኡ "ኢታ ወዲ እዚ እግርኻ እንታይ ኮይኑ'ዩ ሕልኽ-ሕልኽ እትብል" ክብል ግርጭ ኢሉ ገንሖ። ሳልሕ ዓፋን "ብጻይ! ካብ ምድሪ ኢትዮጵያ (ኣሶሳ) ጀሚረን ክሳብ ሕጂ ካብ ዘየዕረፉ ኣብራኽ እንታይ ክትጽበ ደሊኻ እዚ'ኳ ንሰን ኮይነን!" ክብል መለሰሉ'ሞ፡ ብሰሓቕ ዝኣክል ንገለ ካልኢት ኑቲ ውግእ ረሲዖ - መራሒ ጋንታ።

ነፍሲ ወከፍ ወተሃደር ጸላኢ ሽሕ'ኳ ካብቲ ንዝኾነ ፍጡር ንምጽሓይ ዝተበገሰ ዝመስል ተኾሲ ኑብሱ ንክድሕን ከም ኣንጭዋ መንቀራቕሮ ኣብ ምንዳይ እንተነበረ፡ ካብቲ ቀንዲ ብቕድሚት ዝመጽኦ ሓይሊ ንምክልኻል ግን ዓዲ ኣይወዓለን። ክንዲ ዝኾነ ኑቶም ብጸግዐ ጸግዒ ዝውተፍዎ ዝነበሩ ኣባላት ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 70 ኑብሱ ንምክልኻል፡ ጠያይትን ቦምባታት ኣርፒጂን ከም መሸምጥጣ ፈነወሎም።

ገለ ካብ ኣባላት ስለያ ብንጥር ተተኲሶቲ ኣርፒጂን ጠያይትን ተወግኡ። ኮሚሳር ጋንታ ብሉጽ ጠዓመ ድማ ተወጊኡ ወደቐ። እዚ እናኾነ፡ እቶም ዝተረፉ ብዘይካ ንቕድሚት ምቕጻል ካልእ ምርጫ ኣይነበሮምን። ምስቲ እናመልአ ዝኸይድ ዝነበረ ባሕሪ እናተቓለሱ ይግስግሱሉ ኣብ ዝነበሩ ህሞት፡ ብሸነኽ ጺጋም ካብ ጸላኢ ዝተተኮሳ ጠያይቲ ንዝርኣይ ኪዳን (ተቡተብ) ክልተ ኣእዳዉ ኣቑረያኦ። ንሱ'ውን ምስ ብሉጽ ተደረበ። ሕጂውን ንቕድሚት ምቕጻል ጥራይ'ዩ። ምስቲ ዝዘንቦም ዝነበረ እልቢ ጠያይቲን ምስቲ ክውሕጦም ዝመጣጠር ዝነበረ ማይ ባሕርን እናተቓለሱ፡ ንማይ ባሕሪ ሕብሩ ክቕየር ዝፈታተን ዘሎ ዝመስል ወረር ዝበለ ደም ብጹቶም እናረኣዩ ናብቲ ዘድምዕሉ ቦታ ይጽግዑ ነበሩ።

እቲ ተጻብኦ በዚ ከየብቅዐ፡ ካብተን ብጺጋም ዝነበራ ዝኣረጋ ጀላቡ፡ ዘይተጸበይዎ ቦምባ ኣርፒጂ ኑቲ ዝተጸግዕዎ መንደቕ ሂም ኣቢሉ ደሰቐ። ሽሕ'ኳ እንተዘይወግኦም ከም ኤለትሪክ ተዘዚዝ ኣቢሉ ብሃፋን ባሩድን ዓለሶም። ሕጂውን ንቕድሚት ምቕጻል ጥራይ'ዩ። ኣብዚ ጉዕዞ'ዚ ሳልሕ ዓፋንን ጎይትኦም (ኮረርን) ተሃሪሞም ተረፉ። ናብ ጸላኢ እናቐረቡን እናተጸገዑን ብዝኸዱ መጠን ዝያዳ ንተጻብኦ ጸላኢ እናተቓልዑ ከዱ። ነዚ ኩሉ እናተጻወሩ ናብታ ኣብ ማእከል ባሕሪ ጎደኒ ሲጋለት ዝነበረት ቢንቶ በጽሑ። ኣብዚ'ውን ባሕሪ እናሸመጥም ከዱ። ስለዚ ኣብ ባሕሪ ሞት ኣብ ምድሪ'ውን ሞት ካብ ኮነ ናብ ጽርግያ ክወጽኡ ወሰኑ'ሞ ጉብረሂወት ጉብረኪዳን ኣፍ ልቡ ተሃሪሙ ንቕድሚት ወደቐ።

ናብዚ ስርሒት'ዚ ቅድሚ ምብጋሶም ዝተዋህቦም ሓበሬታ ማለት "ኣብ ፍርቂ ምስ በጻሕኩም ናብታ ኣቐዲማ ዝተቓጸለት ጃንር ታንኪ ደይብኩም፡ ከም መንጠሪ ተጠቐሙላ" እትብል ሓበሬታ ዘኪሮም፡ ከም መዕቆቢት ተጠቐሙላ። እንተኾነ እታ ታንኪ'ውን ቀንዲ ዒላማ መጥቃዕቲ ጸላኢ ኮነት። ነዚ ዘስተብሃለ ሃይለ ብትርር ዝበለ ድምጺ "ሃየ ያላ ውረድ ተኣለ- ተበገስ" ኢሉ፡ መራሕዎም ናብታ ማእከል ባሕሪ ዝነበረት ሓወልቲ መሰል ፓዛመንቶ ዘለሉ። ደድሕረኡ እናተሃንደፉ ዝኸዱ ዝነበሩ መድሃኔን ዓንዶምን (ቀይሕ ዕንቦ) ተሃሪሞም ናብ ማእከል ባሕሪ ወደቑ። ብኸምዚ ንፍሲ ወከፍ ሰድሪ መሬት ዋጋ እናኸፈሉ ተጓዕዙ። ቀጺሎም ካብዞ ዝተጸግዕዋ ፓዝመንቶ ናብቲ ብጨውን ማሽላን ዝተሰርሐ ድፋዓት ጠኒኖም ክኣትዉ እናተቐራረቡ፡ ካብ ጺጋማይ ጫፍ ሲጋለት ቀጣን ዝነበረት መረባዕ ዝወጽአ ወተሃደር ጸላኢ፤ ብተመልኩተሊይ ብኣድራጋ ዝፈነዎ ጠያይቲ ንጻማኑ መካነን ወቒዑ ኣትረፎ።

ናይታ እትመርሕ ዝነበረት ጋንታ መጸውዒ ኮድ "ቆቛሕ" እዩ ዝነበረ። እቲ ኣብ ሲነማ ኣይዳ ናይ ረሻሻት ጽዑቕ ተኾሲ እናዘበ ኑተን ዝኣተዋ ጋንታታት ዝኣልን ዘወሃህድን ዝነበረ መድሃኔ ደባስ (ገጽን ፈረቓን) ነታ ሐዚዋ ዝነበረ ረድዮ ሃለው ክልተ ግዜ ጸቒጡ "ሃለው ቆቛሕ" በለ። ዝተቐበሎ ድምጺ ድማ ናይ ተሰፋ'ይ'ዩ ነይሩ። "ሃለው ባዙቃ" ክብል መለሰ።

መድሃኔ "ኩነታትኩም ከመይ ኣሎ?" ክብል ሓተተ። "ጽቡቕ ኣለና ጽቡቕ ንግስግስ ኣለና" ክብል ኣብ ውሽጢ ረመጽ ኮይኑ መለሰሉ። መድሃኔ ካብ ድምጺ ናይቲ ዝተቐበሎ፡ እቶም ክልተ መራሕቲ ጋንታታት ወይ ተወጊኦም ወይ ተሰዊኦም ክኾኑ ከምዝኽእሉ ገሙተ።

ኣብቲ ተጸጊዖሙሉ ዝነበሩ ከባቢ ኮይኖም፡ ናይ ዝሞቱ ወተሃደራት ጸላኢ ሬሳታት ተጎፊሑ ረኣዩ። ጥቓ ጸላኢ እናቐረቡ ብዝኸዱ ድማ፡ ተኾሲ ይጽዕቆም ነበረ። በዚ ድማ በቡሓደ፡ ሱብ ወሓደ ኮነ። ዝያዳ ጽንዓት ኣብ ዝሓትት ጥርዚ ፈተነ በጽሑ። ተረፉቶም ዝነበረት ሓጻር ስጉሚ ትኹን'ምበር ዕጽፊ ምረትን ትብዓትን ትሓትት እያ ዝነበረት።

ምድሪ ዓይኒ ምሓዙ'ዩ ኣብ ምጽልማት ዝመጽእ ለውጢ ኣብ ወተሃደራዊ ግጥማት ቀሊል ኣይኮነን። ኣዘዝቲ ሰራዊት ጸላኢ ነዚ ዝተረድእዎ ክመስሉ፡ ብርኽት ዝበለ ቁጽሪ ካብ ሰራዊቶም ካብቲ እንዳ በረድ ከም ፍልሖ ናብቶም ዘጥቅዑ ዝነበሩ ኣባላት ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 70 ኣፍሰሱ። ሃይለ ወልደሚካኤል፡ ነዚ ምስ ተዓዘበ፡ "ኣሳፈሕካ ሞት'ዩ ተኾርሚኻ ሞት" ብምባል "ያላ ንእተወን ህጁም" ምስ በለ ኩላቶም ዘዘሊሎም ናብተን ካናሊታት ብምድቕዳቕ ንዝነበረኦም ቦምባታት ኣድ ወርወሩወን። ሂም'ሂም ዝበሉ ድምጽታት ተደጋገሙ። እዚ ንባዕሉ ኑቶም ካልኦት ተጋደልቲ ብስራት ናይ ምንካስ ኣገዳሲ ክፋል መሬት ምኻኑ ከሰጸር እንከሎ፡ ንጸላኢ ኣድ- ብኣድ ተኾሰ ተሸመሙ።

እታ ብወዲ ግደ እትምራሕ ሓይሊ ከቢድ ብረት ክፍለ-ሰራዊት 70 ድማ፡ ብጉያ ናብታ ኣብ ማእከል ሲጋለት ቀጣን እትርኩብ ቢንቶ ብምብጻሕ ረሻሽ ተኺላ ደገፍ ክትህቦም ጀመረት። ካብዚ ንንየው እቲ ኣቐዲሙ ንጸላኢ ዘርብሕ ዝነበረ ባህርያዊ ብልጫ ንሰራዊት ህዝባዊ ግንባርን ሰራዊት ደርግን ሓደ ኮነ። እቲ "ሰሰርኻ" ዝብልዎ ኤርትራዊ ብሂል ድማ ትርጉም ለበሰ። ኣብ ሲነማ ኣይዳ ኮይኑ ምስ ላዕለዎት ኣዘዝቲ እናተራኸበ ኑቲ ኩነታት ብቐረባ ዘወሃህድ ዝነበረ ኮሚሳር ብርጌድ 71 ምሕረተኣብ፡ ረድዮ ከፊቱ "ሃለው ደርማስ" ኢሉ ንልዕሊኡ ዘሎ ኣካል ረኸቦ።

"ሃለው ደብና" ክብል ድማ መለሰሉ። "ዕማም ጽቡቕ ይግስግስ ኣሎ። ናይ ባዙቃን ቃፍላይን ናብ ማርያም ጥዋለት ገጾም ይግስግሱ ኣለዉ" ኢሉ ዘረባኡ ከቕጽል እናሓለነ፡ ካብ ጸላኢ ዝተተኮሰት ጥይት ኣፍልቡ በሲዓ ወጽኣት። ድሕሪ'ዚ ተጻይሩ ናብ ሕክምና ተወሰደ። ስርሒት ምስባር ማዕጾ ሲጋለት ቀጣን ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ በጽሐ። እዚ እናኾነ፡ ብካልእ ወገን እንታይ ንጥፈታትን ብልሓታትን መጥቃዕትን ኮን ተዋፊዱን ተተግቢሩን ይኸውን?

## ምድሪ-ማያዊ ስርሒት

14 ለካቲት እተን ብሰም 04 ዝፍለጣ ሓይልታት ከቢድ ብረት ክፍለ-ሰራዊት 70 ድሕሪ'ቲ ነዊሕን ኣህላኽን ውግኣት ብፍላይ ድማ ግጥም ናቫል በይዝ፡ ኣብ ደንደስ ባሕሪ ኮይነን ኣብ ተዛማዲ ምዝናይ ነበራ። ኣዛዚ በጦሎኒ ናይ 04 ብጻይ ሚካኤል (ወሎ) ንኣዘዝቲ ሓይሊ ብርሃ ተወልደን (ሰንጋል) ንወዲ በርሀን ጸዊዑ ሓዚዎም ናብቲ ካብ ናቫል በይዝ ንወደብ ዘጠምት ቦታ ድሕሪ ምኻድ "ብፈጣናት ጀላቡ ገይርኩም ነዚ ባሕሪ ሰንጢቕኩም፡ ናብቲ ብማዕዶ ዝረኣየና ወደብ ክትኣትዉ ኢኹም። ስለዚ ናብዚ ዘምጻእኩኹም መእተዊኹም ብዐቡእ ንኽትርእዩ እዩ" በሎም። ግብረ መልሲ ንምጽባይ ናብ ኣዒንቶምን ገጾምን ኣቋመተ።

ብርሃ (ሰንጋል) ፍሽኽ እናበለ፡ ኑቲ ካብ መሬት ተበጊሶካ ባሕሪ ሰንጢቕካ ኣብ መሬት ብምውራድ ዝጥለብ ዘሎ ምድሪ ማያዊ ስርሒት ብሕልና እናተሳእሎ፡ "ብጀላቡ ኣቲና ኣጥቂዕና ቦታ ክንቆጻጸር ዲኻ ዝበልካ ሓቀይ?" በሎ ብሓውሲ ምግራም፡ ባሕሪ ሰንጢቕካ ውግእ ምኪያድ ናይ ፈለማ'ዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ባሕሪ'ውን ሓንበሱ ዘይፈልጥ ምኻኑ እናሓሰበ።

ሚካኤል ወሎ "ብርግጽ" ክብል ሓጺር መልሲ ሃበ፡ ሰንጋል ምስ ወዲ በርሀ ትጥምምት ኣብሉ'ሞ፡ ሰንጋል ኑቶም ኣብ ቅድሚኡ ካብ ባሕሪ ንሰማይ እናዘለሉ ዝፍስሁ ዝነበሩ ዓሳታት ርኢዩ ኣብሉ፡ "ወዲ በርሀ ዓርከይ፡ መሰዋእትና ዘይተርፍ'ዩ ሓመድ ዓድና ከይንሰእን ጥራይ'ዩ ስክፍታይ" በሎ ፍሽኽታ ሓዊሱ። ሚካኤል ወሎ ከም ቁጥዕ ኢሉ "ሰምዑ ንስኻትኩም ሰሓቕ ተራእዩኩም፡ ብፍላይ ሰንጋል ቅድሚት እትኣቱ ንስኻ ስለዝኾንካ፡ ናይዛ ኩላ ጸገም ፍታሕ ኣጥኻ'ዩ ቀሊል ሓላፍነት ከይመስለካ!" በሎ። "ማይ ሁመክ ወሎ ዓርከይ - ጥራይ መዓስ በየን ንእቱ ኣትሕዘና" ክብል ልቡ ኣረሰረሶ።

"ናይዚ እትብሎ ዘለኻ ዝርዝር ቀስ ኢልካ'ዩ" ክብል ድሕሪ ምምላሱ፡ ተታሓሒዞም ካብቲ ቦታ ተኣለዩ። ኣብ መገዶም ምስ የሴፍ (ሓኔታይ) ሓላፊ ጉጅለ ባህሊ ክፍለ-ሰራዊት 70፡ ብኣጋጣሚ ጎፊንፍ ተራኺቡ'ሞ፡ ሰንጋል ካብቲ ናይ ባሕሪ ዝኽርታት ውጽእ ኢሉ፡ ከም ሰንቢድ ኢሉ "ሰላም ሓነታይ" በሎ። ሰንባደኡ ምኽንያት ነይሩዎ'ዩ። ንሱ ድማ ነታ ቅድሚ ቁሩብ መዓልታት ምስኡ ትታኻሰሰን ትረጋረግን ዝነበረት መዛምድቲ (ሕጽይቲ) የሴፍ ሓነታይ ዝኾነት ብጺይቲ፡ ኣብ ጎላጉል ሰምሃር ምስዋእ ዘኪሩ'ዩ።

ሰንጋል ነዚ ዝኸሪ ዝሓደገ ፍጻመ ንውሽጡ ውሒጡ፡ ምስ የሴፍ ክጨራረቕ ጀመረ። የሴፍ ድማ ካብቲ ካብ ጸላኢ ዝረኸቦ ካሴታት ድምጺ፡ ዘጋጥሞም ኣገዳሲ ጉዳይ ንምስናድ ወይ ዝፈትውዎ ደርፍታት ንምምላእ ብምባል፡ ንሰንጋል ኣርባዕተ ካሴታት ካብ ጅብኡ ኣውጺኡ ሃቦ። "በሉ ሰራሕ ኣሎኒ" ኢሉዎም ድማ ተዓዘረ።

ኑተን ኣርባዕተ ካሴታት፡ ሰንጋል ንዕኡ ክልተ ኣትሪፉ፡ ኑተን ክልተ ንወዲ በርሀ ክህቦ ኢዱ ወስ ምስ ኣበለ፡ ወዲ በርሀ "ክላ ግደፎ ደይ ጸባሕ ኣብዚ ባሕሪ'ዚ ክንሰዋእ ኢና" በሎ። ሰንጋል ቡታ ልምድቲ ዝኾነት ግርህ ኢሉ ዘውጽኣ "ዒታ" እትብል ጀሚሩ፡ "ተተሰዊእካ'ሞ እንታዩ፧ ውድብና ክልተ ካሴት ሒዙልና ተሰዊኡ ኢላ ከይትኸስካ ዲኻ - ጠን ራሕግጦ" ብምባል ገዲፉዎ ተመርቀፈ።

ሰንጋል ኣብ ጉዕዞኡን መዕረፊኡን ኑቲ ዝተዋህቦ ዕማም ብሓሳብ የሰላስሎ ነበረ። ዝተዋህቦ ሓላፍነት ናይ ሞትን ሕየትን ጉዳይ ምኻኑ ብምግንዛብ፡ ዝለዓለ ትብዓትን ዘይተርፍ መሰዋእትን ይጸበዮ ምህላዉ ደምደመ። ንኑብሱ ፍሰሃ ንክህባ ድማ፡ ምስ መዛኩኡ ዝኾኑ ሓለፍትን ኣባላትን፡ ካብቲ ንሙብዓሊ በዓል ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ተባሂሉ ዝተደርደረ በረታትን ካልእን ኣውሪዶም፡ ንገለ ሰዓታት ድሕሪ ምዝንጋዕ ሰንጋል ናብ መደቀሲኡ ብምምራሕ ኣብ ሓደ ኣብ ደገ ዝነበረ ተዓጻፊ ዓራት ተጋዲሙ ኑቲ ባሕሪ ተዓዘቦ።

ባሕሪ ንኣሸቱ ማዕበላት ፈጢሩ፡ ምስ ደንደሰ ምድሪ ብምጥጣው ናብ ዝነበሮ ቦታ ይምለስ ነበረ። ሰንጋል'ውን ናብ ባሕሪ ሓሳባት ናይቲ ዝተዋህቦ ዕማም ኣብ ዝጡሓለሉ ህሞት፡ ሓደ ብዙሕ መጻሕፍቲ ዘንበበ ተማሃራይ ዩኒቨርሲቲ ዝነበረ፡ ተሾመ መብራህቱ ዝተባህለ ኣዝዩ ዘፍቅሮ ዝነበረ'ሞ፡ ኣብ ውግእ ምሕራር ባረንቱ ዝተሰውአ ብጻዩ፡ ብዛዕባ ምስ ባሕሪ ኣተሓሒዙካ ዝቕየድ ውግኣት ኣመልኪቶም ካብ ዝተጻሓፉ መጻሕፍቲ ዘዕለሎ ዕላል ተዘከሮ።



**ይቕጽል . . .**

# ሕማም ልቢ

ፕሮ/ታደሰ መሓሪ

2ይን መወዳእታን ክፋል ክፋል

ኣብ ዓለምና ካብ ዘለዉ ቀተልቲ ሕማማት፡ ሕማም ልቢ (Cardio-vascular disease) ቀዳማይ ኮይኑ ክስዕብ ከሎ፡ ካልኣይ ሕማም ሽኮር (Diabetes)፡ ሳልሳይ ድማ ሕማም መንሽሮ (Cancer) ምዃኖም ዝተጌብሩ መጽናዕትታት ከረጋግጽዎ ክኢሎም'የም። ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ዓለም እቲ ዝበዝሐ ሞት ደቂ ሰብ ዘስዕብ ዘሎ ሕማም ልቢ ምዃኑ ክረጋገጽ ከሎ፡ ጠንቂ ናይዚ ከኣ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ይግለጽ። ልቢ ብእትህቦ ኣገልግሎት ሓንቲ ካብ'ተን ኣብ ሰውነትና ዘርከባ ኣካላት (organs) እታ ኣዝያ ኣገዳሲትን ጠቓሚትን ምዃና ዘጠራጥር እኳ እንተዘይኮነ፡ ብዘተፈላለዩ መንገድታት ክትጥቃዕ ዘለዋ ተኽእሎ ግን ኣዝዩ ልዑል'ዩ።


**ምጽዋር 'ኢንሱሊን' (Insulin Resistance)**

በቲ ንብረ ኣጕዚብ 'ካርቦሃይድረይት' (carbohydrate) ወይ 'ግሉኮስ' (glucose) ኣብ እንዝምዝሉ ግዜ፡ ካብ ጣፍያ ብዝፍንጨ 'ኢንሱሊን' (insulin) ዝተባህለ ሆርሞን ተማሲሪሑ ብኡ ንብኡ ናብ ዋህዮታት ሰውነትና ይግዕዝ፡ ደም ከኣ ካብ ሽኮር ነጻ ይኸውን። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ሽኮር ካብ ደም ብቕልጡፍ እንተዘይተኣልዩ፡ ኣብ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ምስ ዝርከብ 'ሂሞግሎቢን' (hemoglobin) ዝተባህለ 'ፕሮቲን' ብምልጋብ ነቲ ስሩዕ ዕማም ናይ'ዚ 'ፕሮቲን' ስለ ዘኸናድዮ'ዩ። ማእሪሕ ጥምረት ናይ ሽኮርን-ሂሞግሎቢንን ከኣ 'ግላይኬሽን' (glycation) ተባሂሉ ይግለጽ፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ከኣ 'ግላይኬሽን' እቲ ቀንዲ መለለዪ ሕማም ሽኮር (diabetes mellitus) ኣብ ሰብ ኮይኑ የገልግል ምህላዉ ይፍለጥ። ምኽንያቱ፡ ዕምሪ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ብማእኸላይ 3/4 ወርሒ ስለዝኾነ፡ ቅድሚ ምመርማርና ኣብ ውሽጢ 3 ኣዋርሕ ዝተኣከበ ሽኮር ብቐሊሉ ክንፈልጥ ስለ ዝኽእል እዩ። እዚ ኣጕዚብ መለለዪ ሕማም ሽኮር 'ኤይ ዋን ሲ' (A1C ወይ ከኣ glycated hemoglobin) ተባሂሉ ዝግለጽ ኮይኑ (ካብ ሃገር ናብ ሃገር'ኳ ዝፈላለ እንተኾነ)፣ ካብ 4.0-5.5% ንቡር መጠን (Normal)፣ ካብ 5.6-6.4% ደረት ልዑል ዓቐን (Borderline high)፣ 6.5-7.4% ልዑል መጠን (High)፣ 7.5%ን ልዕሊኡን፣ ኣዝዩ ልዑል (Very high)፣ መጠን ሽኮር ተባሂሉ ይግለጽ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ደም ንዊሕ ግዜ ከይተኣልየ ዝጸንሕ ሽኮር፡ ኣብ ሰውነትና ምስ ዝርከቡ ኬሚካላት ('ኢንዛይም'፣ ሆርሞን፣ ወዘተ…) ብምልጋብ ናብ መርዚ ተቐይሩ ዕማም ናይ'ዞም ኬሚካላት የተዓናቕፍ፣ ንቡር ማእሪሕ ኣካላትና (organs) ኣመዛቢሉ ከኣ ንዝተፈላለዩ ሕማማት፡ ብሕልፊ ከኣ ንሕማም መንሽሮ፡ የቃልዓና። 'ምጽዋር ኢንሱሊን' (insulin resistance) ዝበሃል ክስተት እምብኣርከስ ቀቀልጢፍና (ኣብ ውሽጢ 2/3 ሰዓታት) ብተደጋጋሚ 'ካርቦሃይድረይት' ወይ 'ስታርች' (starch) ወይ'ውን ሽኮራዊ መግቢ ወይ ሽኮራዊ መስተ ምስ እንወስድ፡ ጣፍያ፡ 'ኢንሱሊን' ብተደጋጋሚ ከተመንጭ ትግደድ። እዚ ማእሪሕ'ዚ ኣብ ሓጺር ግዜ ብተደጋጋሚ ክኸስት ከሎ፡ 'ኢንሱሊን' ብብዝሒ ኣብ ደም ስለዝጸንሕ፡ ሰውነት እናለመደ ይኸይድ'ሞ፣ ንጡፍ ዕማም ናይ 'ኢንሱሊን' ምስ ግዜ እናጎደለ ይኸይድ።

ኣቐዲሙ ብወሓድ ዓቐን 'ኢንሱሊን' ዝሓቕቕ ዝበረ መጠን ሽኮር ወይ መግቢ ሕጂ ዝያዳ 'ኢንሱሊን' ይደሊ፡ ምኽንያቱ ዋህዮታት ሰውነት ንኢንሱሊን ዝበርም ግብረመልሲ ስለ ዝኸድል። በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ ጣፍያ ዝያዳ ኢንሱሊን ከተመንጭ ትግደድ። እዚ ክስተት'ዚ ከኣ 'ምጽዋር ኢንሱሊን' (insulin resistance) ተባሂሉ ይግለጽ፣ ሓደ ካብ ጠንቅታት ሕማም ሽኮር ምዃኑ ከኣ ይፍለጥ። ብዘይካ'ዚ፡ 'ኢንሱሊን' ብብዝሒ ኣብ ደም ንዊሕ ግዜ ምስዝጸንሕ ጠንቂ ምእካብ ርስሓት (ብዕኾ) ኣብ ሰራውር ደም ('ኮሮናሪ ኣርተሪስ') ስለዝኸውን ንዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ ከም ዘቃልዕና ተመራመርቲ ይገልጹ። ብተወሳኺ፡ ጽሕጊ (fiber) ዘይብሎም፡ ዝተማስረሑ (ከም ብሽኮቲ፣ ቺፕስ፣ ኬክ፣ ወዘተ… ዝኣመሰሉ) መግብታት ደጋጊምና ምስ እንምገብ፡ ንኽሓቕቑ ግዜ ስለ ዘይወስዱሎም፡ ጣፍያ ብብዝሒ 'ኢንሱሊን' ከተመንጭ ትግደድ። ብኾይዚ ኣጕዚብ ዝሓቕቕ 'ግላይኮጅን' (glycogen) ዝተባህለ ሽኮር ኣቓጺልና ብኣግኡ ክንጥቀመሉ እንተዘይክኢልና ከኣ ኣብ ጸላም ከብድን ኣብ ካልኦት ኣካላት ናውቲ ከብድን ተኣኪቡ ስብሒ ናውቲ ከብዲ ይፈጥር፣ ቀንዲ ጠንቂ ጥዕናዊ ጸገም፡ ብሕልፊ ከኣ ጠንቂ ሕማም ልቢ ይኸውን።

ኮለስትሮል ኣብ ዋህዮታት ናይ ኩሎም እንስሳታት (እንተላይ ደቂ-ሰብ) ካብ ዝወሰድዎ መግብታት ዝማስራሕ ኣብ ህይወት ኣዝዩ ጠቓሚ ኬሚካል'ዩ። ኣብ ሰውነትና፡ ኮለስትሮል ካብ እንዝምገቦም ከም ስጋ፣ ዓሳ፣ እንቋቑሖ፣ ጠስሚ፣ ዘይቲ፣ ኣልኮላዊ መስተ፣ ወዘተ … ይማስራሕ። ሓደ 68 ኪ.ግ. (150 ፓውንድ) ዝሚዝን ወዲተባዕታይ ንኣብነት፡ 1 ግራም (1000 ሚ.ግ.) ኮለስትሮል ኣብ መዓልቲ ኣብ ዋህዮታት ሰውነቱ የማስርሕ፣ ካብዚ ኣሰታት 35 ግራም ንመትረረ ወሽጣዊ መሸፈኒ ዋህዮታት (cell membranes) ይጥቀመሉ። ቀንዲ ዕማም ኮለስትሮል እምብኣርከስ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡ ሀ) ቅርጽን ተዓጻጻፍነትን መሸፈኒ ዋህዮታት ይዕቅብ ለ) 'ሆርሞናት' (ንኣብነት፡ 'ኮርቲሶል'፣ 'ኢስትሮጅን'፣ ወዘተ) ንምምንጫው ይሕግዝ ሐ) ሓሞት (bile) ንምማስራሕ የገልግል መ) ዕማማት ጸላም ከብዲ የቀላጥፍ። ብሓፈሻኡ ከኣ ዕማም ኮለስትሮል (ሊፖፕሮቲን)፡ ስርዓት-ምሕቃቕ መግቢ ምስተኻየደ ስብሒ ብመንገዲ ሰራውር ደም ናብ መላእ ኣካላትና ምዝዋዝ'ዩ። ኣብ ሰውነት ወደሰብ ክልተ ዓይነት ኮለስትሮል ክህልዉ ከለዉ - እቲ ሓደ ጠቓሚ ኮለስትሮል (Good Cholesterol፡ High-density Lipoprotein [HDL])





ክኸውን ከሎ እቲ ካልኣይ ከኣ ጉዳኢ ኮለስትሮል (Bad Cholesterol፡ Low-density Lipoprotein [LDL]) ተባሂሉ ይግለጽ። ጠቓሚ ኮለስትሮል (HDL)፡ ጠቓሚ ዝተባህለሉ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ፡ ዝያዳ (excess) ኮለስትሮል ካብ ዋህዮታት ሰውነት ናብ ጸላም ከብዲ ብምዝዋዝ ርስሓት ኮይኑ ከም ዝእለ ስለ ዝገብር'ዩ። ኣብ ግድግዳ ሰራውር ደም (ኣርተሪስ) ዝእከብ ስብሕን ካልእ ርስሓትን'ውን ይኣሊ፣ በዚ ከኣ ምጽባብን ምዕባስን ሻምብቆታት ደም ዘስዕብ፡ ሓደ ዓይነት ሕማም ልቢ (arteriosclerosis) ኣዝዩ ከም ዝጎድል ይገብር። ቀንዲ ዕማም ጉዳኢ ኮለስትሮል (LDL) ከኣ፡ ኮለስትሮል ካብ ጸላም ከብዲ ናብ ኩሎም ዋህዮታት ኣካላትና ምዝዋዝ ኮይኑ፡ ብሕልፊ ከኣ ናብ ሰራውር ደም ብብዝሒ ስብሕን ካልእ ርስሓትን ብምስኻም ኣብ ግድግዳ ናይ'ዞም ሰራውር ደም ተላሒዱ ከም ዝጸብብ ይገብር። በዚ ከኣ ንልዑል ጸቕጢ ደምን ሕማም ልብን (arteriosclerosis) ክንቃላዕ ስለዝገብር'ዩ ጉዳኢ ተባሂሉ ዝግለጽ።

በዞም ዝተጠቕሱ ምኽንያታት ከኣ ልዑል መጠን ኮለስትሮል፡ ሕማም ልቢ ኣኸቲሉ፣ ናብ ሓንጎል ዝኸይድ መጠን ደም ብምጉዳል ወቕዒ (stroke) የኸትል። ብዘይካ'ዚ ኮለስትሮል ምጽባብ ሰራውር ደም ኣኸቲሉ ጸገማት ኣዒንትን ኮላሊትን የስዕብ፣ ናይ ምንቅስቓስ ጸገም'ውን ይፈጥር። ነዚ ጸገም'ዚ ንምእላይ እምብኣርከስ ዝተመጣጠነ መግቢ ምውሳድ፣ ቀጻሊ ምውስዋስ ኣካላት ምዝውታር፣ ሚዛን ኣካላትና ምቁጽጻር፣ ሕዱር ጭንቀት ምስ ዝህልወና ምስ ሰብ ሞያ ጥዕና እናተማኸርና ምውጋድ፣ ብዙሕ ስብሒ ዘለዎም ከም ስጋ፣ ዓሳ፣ እንቋቑሖ፣ ሓፈስ ጸባን ወጽኢቱን፣ ዝተማስረሑ ጠዓሞት (snacks)፣ ኣልኮላዊ መስተ ብብዝሒ ምስታይ፣ ወዘተ… ዝኣመሰሉ ነገራት ከወግድ ይግብኣና። ብተወሳኺ፡ እኹል ሰዓታት ድቃስ ዘይምርካብ ዕማም ናይ'ቶም ንኮለስትሮል ዝቆጻጸሩ ሆርሞናት ስለ ዘተዓናቕፍ፡ መዓልታዊ እኹል ሰዓታት ልኡም ድቃስ ምድቃስ ሓጋዚ'ዩ።

**ፍታሕ**

ጠንቂ ናይ መብዛሕትኦም እዞም ክንጠቕሶም ዝጸናሕና ጸገማት እምብኣርከስ ክንዝምገቦም ዘይግባእና መግብታት ምምጋብ፣ ኣብ ሓጺር እዋን ደጋጊምካ ምብላዕን ምንቅስቓስ ኣካላት ዘይምዝውታርን ምዃኖም ሰብ ሞያ ጥዕናን ክኢላታት ስነ-ኣመጋግባን ዝሰማምዕሉ ጉዳይ'ዩ። እዚ ከኣ 'ንምጽዋር ኢንሱሊን' ኣቃልዑ ሕማም ሽኮር ከም እነጥሪ ይገብረና፡ መብዛሕትኡ ግዜ ከኣ ንሕማም 'ኮሮናሪ ኣርተሪ' (coronary artery disease) ከም ዘቃልዓና ኣቐዲሙ ተገሊጹ'ዩ። ኩሉ ግዜ ጸገም ዝመጽእ ብኣፍና ብእነእትዎም ነገራት ከም መግቢ፣ መስተ፣ ሽጋራ፣ ወዘተ… ምዃኖም ምግንዛብ ኣዳሲ'ዩ። ካብዚ ጸገም'ዚ ንምድሓን እምብኣርከስ እቲ እኹን ቀንድን መፍትሒ ክኸውን ዝኽእል ኢሎም ሓኻይምን ክኢላታት ስነ-ኣመጋግባን ዝኣመምዎ ነገር እንተሎ፡ ኩሉ ግዜ እንበልዖ መጠን መግቢ ውሑድ




ክኸውን ከምዘለዎ (calorie restriction)፣ ብተወሳኺ ከኣ ንዊሕ ሰዓታት ከይበላዕና ክንጸንሕ ከም ዘለና'ዩ። ንዊሕ ሰዓታት ዘይምብላዕ (fasting) ሰውነትና ካብቲ ዝተኸዘነ ስብሒ ስለዝጥቀም ክብደት ንምጉዳል ይኹን ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ንምክልኻል ሓጋዚ'ዩ። ንኣብነት፡ ን12 ሰዓታት ወይ ልዕሊኡ ከይበላዕና ምስ እንጸንሕ፡ ዝተኸዘነ ስብሒ ካብ ናውቲ ከብዲ ኣቓጺልና ዘድልየና ጸዓት (ካሎሪ) ስለ እንጥቀም ስብሒ ናውቲ ከብድን ክብደት ኣካላትን ይጎድል። እዚ ኣጕዚብ ኣመጋግባ'ዚ፡ ኣብ ሰሙን ክልተ ወይ ሰለስተ ግዜ ብምድግጋም ንነዊሕ ዝበለ ግዜ ክንቅጽሎ እንተኺኢልና፡ ስብሒ ናውቲ ከብድናን ክብደት ኣካላትናን ከጕድሎ ከም እንኽእል ሓኻይምን ክኢላታት ስነ-ኣመጋግባን ይምዕዱ። ንኣብነት፡ ንግሆ ሰዓት 8:00 ምጡን ቁርሲ ምስ ወሰድና ሰዓት 4:00 ድሕሪ ቀትሪ ምጡን ምሳሕ በሊዕና ድራር ከይበላዕና፡ ክሳብ ንጽባሒቱ ግዜ ቁርሲ ምስ እንጸንሕ፡ ን16 ሰዓታት ከይበላዕና ንጸንሕ ኣለና ማለት'ዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣካላትና ኣብ ናውቲ ከብዲ ካብ እተኸዘነ ስብሒ ብምቅጻል ጸዓት ስለ ዘመንጭ በብቑሩብ ስብሒ ናውቲ ከብዲ ይጎድል። ልዑል መጠን ክብደት ሰውነት ሃልዩና ኣዚና ክንጉድሎ ምስ እንደሊ ከኣ፡ ምስ ሰብ ሞያ ጥዕናን ክኢላታት ስነ-ኣመጋግባን እናተማኸርና ንዊሕ ግዜ ክንቅጽሎ እንተኺኢልና፡ ክብደትና ኣጕዲልና ሕማማት ሽኮር፣ ጸቕጢ ደምን ሕማም ልብን ከነወግዶም ንኽእል ኢና። ብተወሳኺ፡ መዓልታዊ ብብዝሒ ማይ ምስ እንሰቲ ዝተፈላለዩ ርስሓት (እንተላይ ካልስዩም) ካብ ሰውነትና ብሽንቲ ከም ዝእለ ስለ ዝገብር፡ ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት፣ ብሕልፊ ከኣ ካብ ሕማም ልቢ ክንከላኸለልና ይኽእል'ዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ዝረኣዩ ዘለዉ ሕማማትን ብሰንኮም ዝስዕቡ ዘለዉ ጸገማትን እምብኣርከስ ብሰንኪ ዘይምዕሩይ ኣነባብራና (life-style)፡ ማለት ብተደጋጋሚ ምብላዕን ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘይምዝውታርን ምዃኑ ሓኻይምን ክኢላታት ስነ-ኣመጋግባን ይሰማምዑሉ።

ከይበላዕና ንዊሕ ሰዓታት ምስ እንጸንሕ፡ ዓቐን ኢንሱሊን ኣብ ደምና ይንኪ፣ መግቢ ስለ ዘይበላዕና ከኣ ኣብ ጸላም ከብድና ካብ ዝተኸዘነ ስብሒ ንጥቀም። ኣብዚ ማእሪሕ'ዚ፡ ጸላም ከብዲ ንዝተኸዘነ ስብሒ ናብ 'ኪቶን' (ketone) ዝተባህለ ጭሓ ቀይሩ ኣብ ክንዲ ግሉኮስ ንመመንጨዊ ጸዓት ትጥቀመሉ። ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ከም ዘረጋግጽዎ ከኣ ሰውነትና ንመመንጨዊ ጸዓት 'ኪቶን' ምስ ዝጥቀም፡ ኣእምሮና ብሉሒ ይወስኽ፣ ሓደስቲ ዋህዮታት ኣብ ሰውነትና ይፍጠሩ፣ መብዛሕትኦም ስርዓት ኣካላትና ከኣ ንጡፍ ስራሕ የካይዱ ምኽንያቱ ዋህዮታት ሰውነት ብስሉጥን ብዘበለጸ ወጽኢትን ክሰርሑ ስለ ዝጅምሩ። ብተወሳኺ፡ ንዊሕ ሰዓታት ከይበላዕካ ምጽናሕ 'ስተም ሰልስ' (stem cells) ዝበሃሉ ፍሉያት፣ ናብ ዝደለኻዮ ኣካላት (tissues) ክቕየሩ ዝኽእሉ ዋህዮታት ካብ ኣንጉዕ (bone marrow) ስለ ዝፍጠሩ ናብ 'ኢሚዩኖሳይትስ' (immunocytes) ብምቕያር ንተጻባኢቲ ህዋሳት ክጥቅዕዎም ይጅምሩ፣ ሰውነትና ካብ ሕማም ንኽከላኸል ከኣ ድርዒ ይኾኑዎ። ኣብዚ ማእሪሕ'ዚ ብተወሳኺ 'ፕሮጀኒታል' ዝበሃሉ ዋህዮታት (progenital cells) ተፈጢሮም፡ ብብዝሒ ንዕብየት/ምዕባለ ዝሕግዝ 'ሆርሞን' (growth hormone) ስለ ዘመንጭዉ ንዝተሃሰዩ ሰራውር ደም የተዓራርዩ። ስለዚ፡ ብጥዕና ንምንባር ክልተ ኣጕዚብ ምምንጫው ጸዓት ምጥቃም ከም ዘድልየና ንጹር ክኸውን ይግባእ። እቲ ሓደ በብመዓልቱ እንዝምገቦ መግቢ (ካርቦሃይድረይት/ግሉኮስ፣ ስታርች፣ ፕሮቲን ወዘተ…) ብምቕጻል ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ኣብ ሰውነትና ካብ ዝተኸዘነ ስብሒ እናቓጸልና ምጥቃም ጥዕናና ንምሕላውን ክብደትና ንምቁጽጻርን ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። እዚ ከኣ ኣብ ባንኪ ካብ ዘቐመጥናዮ ገንዘብ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ካብ ተንቀሳቓሲ ሕሳብ (current account) ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ካብ ቀሙጥ ሕሳብ (deposit account) ምጥቃም ከም ማለት ክቝጸር ይከኣል። ዝሓሸ ጥዕና ንኽህልወና ከኣ ዝኾነ ምሉእ ጥዕና ዘውንን ሰብ ኣብ ወርሒ ሓደ ወይ ክልተ ግዜ ን24 ወይ ን36 ሰዓታት ከይበልዐ (ብፈሳሲ ክወስዱ ዝኽእሉ ቀለልቲ ነገራት እናወሰደ/ት) ክጸውም ከም ዘለዎ ክኢላታት ስነ-ኣመጋግባ ይመኽሩ።

ለባማት ወለዲ ክምስሉ ከለዉ፡ "ዓማጽ መግቢን ዓማጽ መግዛእትን ከይደቀሱ ይሓድሩ" ይብሉ። እዚ ምስላ'ዚ ዝገልጸልና ከኣ ካብ መጠን ዝሓለፈ መግቢ ምውሳድ ንጥዕና ጉዳኢ ምዃኑ፡ ንመግዛእቲ ምዕማጽ ከኣ ውዒሉ ሓዲሩ ከም ዝዕረባ ምግንዛብ ኣገዳሲ ምዃኑ የጸር።

**ምንጪ ጽሑፍ (ChatGPT (PocketPal)-AI, 2026፣ ቃለ-መሕትት ምስ ዶ/ር ጀይ - ካብ ኢንተርነት)**



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

"ሰላም።"
"ሰላም።"
"ኣብ ስራሕካ መመረቕታ መጽሓፍካ ተሳቲፈ ነይረ። መደብ ጸቡቕ ነይሩ።"

"ሕራይ፣ የቐንየለይ" ድሕሪ ምባል፣ ብዛዕባ መጽሓፉ ዝኸነ ርእይቶ እንተ'ሎ ክቕበል ደሊው ምኻኑ ወሰኸ ኣቶ ተስፋይ ቀለታ፣ ደራሲ መጽሓፍ "ሱ-ኣገባብ ምርምርን ኣገደስቲ መጽናዕትታትን"።

ካብ ቤት ንባብ ምርምር፣ ማ/ቤ/ጽሕፈት ህግደፍ፣ ዝተለቓሕክዎ "grapes of wrath" ዘርእስቱ መጽሓፍ መለሰ እንክወጽኡ፣ ንሱ ድማ ኣብቲ ቀጽሪ ኣብ ዘሎ ቤት ጽሕፈት ጸሓፉ ናብ ካልእ እንክበል ጎፍ-ንጎፍ ተራኺብና። ኣቶ ተስፋይ፣ ጃኬት ለቢሱ፣ መጽር ወድዩ ዝበረ ከይራይን ማእከላይ ዝቑመቱን ሰብኣይ እዩ። ቀድሚ'ዛ ኢጋጥሚ'ዚኣ ብኸንድ'ዚ ቀርበት ረኺበዮ ኣይፈልጥን'የ። ኣብ ዕላል ግን ስሙ ክጥቀስ ሰሚዐ'ለኹ። ወይለይ! ኣቶ ተስፋይ ቀለታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፣ ዓምዲ ባህልን ስነጥበብን፣ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ጽሑፍ ኣመልኪቱ ብዛዕባ ርእይቶ ከኣ'ባ ተላልዩ ጸሓፉ'የ።

"... መጽሓፍካ ብዛዕባ እንታይ እዩ"

ሓቂ'ሓይሹ፣ ኣብታ ንግሆ'ቲኣ ከምዚ ዓይነት ህዉኽ ሕቶ ብምሕታተይ ንባዕለይ በዚም ዘኾንኩ ኮይኑ'ዩ ተሰሚዑኒ - ንእለት።

ኣቶ ተስፋይ ብዛዕባ ትሕዝቶ ናይዛ ሓዳስ መጽሓፉ ንኽዝረብ መደብ ተዳልዩሉን ብሬድዮ ተቓለሑን'ዩ። ኣብ ጋዜጣ እውን ብተመሳሳሊ ቀቅድሚ መመረቕታ መጽሓፉ ቃለ-መጠይቕ ተገይሩሉ። እሞ ንኹሉ ተኸታቲለዮ ከብቕዕ እታ መጀመርታ ዝሓተትክዎ ሕቶ፣ "መጽሓፍካ ብዛዕባ እንታይ እያ" እትብል ብምንባረይ ሸዑ ኣይተሓጎስኩን።

ኣብ ቋንቋ ትግርኛ፣ ንሓደ ነገር ኣንስታዊ ወቅልና እትህቡ ኣንስታዊ ጾታኡ ንኽትዋሃብ'ዩ። ከም ተወሳኺ ኣንስታዊ ጾታ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ፣ ንሓደ ነገር ንኸተቐልሎ ኢልካ ትጥቀመሉ ኢኻ፣ ሳልሳይን ፍሉይ ብልሚን ኣንስታዊ ክንደሰም ወይ ኣንስታዊ ወቅልና ድማ መርኣያ ቅርበት ምኻኑ'ዩ። ስለዚ ምስ መጽሓፍ ኣቶ ተስፋይ ቀለታ ብኢጋኡ ልዑል ቅርበት ስለ ዝተሰምዓኒ'የ ብኣንስታዊ ጾታ ኣወኪለ "መጽሓፍካ ብዛዕባ እንታይ እያ" ዝበልክዎ። ንመጽሓፉ ብኣንስታዊ ጾታ ምውካለይ እታ እኽ ድሕሪ'ታ "ናይ በዝምት ህሞት" ስሚዒታተይ ኣመዛሪርያ ብሰላም ናብ ቦታይ ዘበጽሓትኒ ነይራ ክብል እኽእል።

ገለ ሰብ፣ በዝምትካ ኣስተብሂሎም ሸለል ይእዘዙልካ፣ ገለ ከኣ ኣደነዮ ንምርካብ ትሓተዮም ዘለኻ ኮይኑ ስለ ዝሰማዓም ኻቶምካ ይሓልፉ። ኣቶ ተስፋይ ግን ብፍሕሸው መንፈስ ን"በዝም ሕቶይ" ምቕባሉ ዝፈልጠ ኮይኑ ተሰሚዑዎ'ሎ እንታይ ግድ'ኸ/ካ!

ናብዛ ቤት ንባብ ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመት'የ ተመላሊሰ፣ ኣብቲ ፈለማ ናይ ኣባልነት ካርድ ዘዩከበረ እንኾሉ "a grain of wheat" ን "before she breaks my heart"ን ዝበሉ ልብወለዳት ኣብዛ ጸብብ ብመጻሕፍቲ ዝተጠርቐት ቤት ንባብ ኮይነ ከንበበን ይዝከረኒ። ሓደ ሓደ ግዜ ገለ መጻሕፍቲ ኣብ 'ሰማርት ፎንይ' እንክለዊ ካብዛ ቤት ንባብ ክልቃሕ'የ ዝመርጽ። ዓሚል'የ ኮታ። በዚ ምኽንያት'ዚ ንኣቶ




ተስፋይ ኣይፈልጦምን ክብል እኽእል። ብባህሪኡ ከምዚ ናተይ ሕቶታት ዘየስተናዕቕ ክኸውን'ውን ይኽእል'ዩ። መጽናዕትታት፣ ሕቶታት ንምምላስ ተባሂሎም ከም ዝኻየዱ ስለ ዝኣምን፣ ሕቶ መግለጺ ህርኩትና ምኻኑ ስለ ዝርዳእን ካልእን ንሕቶይ ኣየስተናዓቖን። ንበዝምት ሕቶይ ኣይተጸየኖን። ኮታ መልሲ ንኽህበ ትግሃት ኣርእዩ እዩ - ሕጅዶ ክኽሕድ ኮይኑ ወረ፣ መልሲ ብምሃብ ንሕቶይ ህይወት ዘርኣላ ከይከውን'ውን ጥርጠራ'ለኒ።

"ዝኸነ መጽሓፍ ብዛዕባ እንታይ ምኻኑ ክትፈልጥ እንተ ደሊኻ ኩሉ ግዜ መቕድም ወይ መእተዊ ኢኻ ከተንብብ ዘሎካ" ብምባል ዘረባኡ ጀመረ።

እታ ቤት ንባብ ኣብ ብርኽ ዝበለ ክፋል ናይቲ ቀጽሪ ስለ ዘተደኮነት፣ ካብኣ ወጺእካ ንጸማን ምስ ተዓጸፍካ ንታሕቲ ዘውርዳ 29/32 ናይ ቸሚንቶ ደረጃታት ኣለዋ። እቲ ዝተረፈ ንሕቶይ ኣመልኪቱ ዝሃቦ መልሲ፣ ኣብ'ዘን ደረጃታት ኣብ ምውራድ ዝበረት ሓጺር ኢጋጥሚ'ዩ ነይሩ።

ሕጂ፣ ብዛዕባ'ቲ ንሱ ዝሃቦ መልሲ ዘዩርኹ ብዛዕባ ሕቶይ እየ ብዙሕ ተገዲሰ ዘለኹ። ሓቂ'ዩ ተንብብ ክትብ ዝዛለኻ ክትሓስብ ትግደድ ኢኻ። ሓሰብ ክትብ ዝዛለወ ድማ ዘረባ (እንተ ክኢልካዮ ከኣ ጽሑፍ) ዊን እዩ ዝብሉኻ። በቓ! ካብቲ ኣብ መጽሓፍ ዝረኸብኩዎ ትሕዝቶ ተበጊሰ፣ ጫሊዳታት እና ፈጠርካ ናብ ዲቕ ዝበለ ገደል ትሃትፍ። እቲ ዋና ነገር'ምበኣር፣ "ስለምንታይ ጫሊደካ፣ ስለምንታይ ሃቲፍካ ወይ ስለምንታይ ብዛዕባኻ ኣምሲልካዮ" ዘይኮነ "ካብ ዝጫለድካዮን ዝሃተፍካዮን ተመሊስካዶ" ዝብል'ዩ ክኸውን ዘሎዎ። ማለተይ፣ ብናይ ኣቶ ተስፋይ መጽሓፍ ኣሳበብ ብዛዕባይ እንተ ተዛሪበ፣ እንተ ጫለደን ሃቲፈን ንኸይተሓዘለይ እየ... ። እምበኣርከስ "መጽሓፍካ ብዛዕባ እንታይ እያ" ኣለ ምሕታተይ፣ "መጽሓፍካ ከም መወከሲት ዲና ክንጥቀመላ ዘሎና ወይስ ... ?" ንምባል'ዩ ነይሩ ብሓጺሩ።

ብርግጽ መጽሓፉ፣ መወከሲት'ያ። ምኽንያቱ፣ እልቢ ዘይብሉ ሓበሬታ ሒዛ ስለ ዘላ። ትሕዝቶ ትካል ምርምርን ሱዳን ብዝርዝር፣ ምስ ትንተናታቱ ኣብ መጽሓፉ ኣርእዩና። መጽሓፉ መወከሲት'ያ። ምኽንያቱ፣ ምርምር ናይ ዝተኻየዱ ምርምራት ስለ ዝኾነት። መጽሓፉ ንዝሎ ድኻም ኣብ ምርምር መፈወሲ እትጠቅም፣ መድሃኒት (prescription) ክንብላ ኣየስከፍን። እዛ መጽሓፍ ኣንቢብካ ጥራይ ኣብ ልዕሊ ታሪኽ-ኤርትራ-ጠቀስ ምርምራት፣ ሓደ ግንዛበ ስለ እትሕድር፣ ገለ ክፋልካ ሩፍ ኣሉ ይጸገፈልካ።

ሕጂ ከስተንትኖ እንክለኹ፣ "ፍሉይነት መጽሓፍካ እንታይ እዩ" ንኽብል ኣለ'ዩ፣ ኑቲ ኣብ ፈለማ በዝም ናይ በዝምት፣ ህዉኽ ዝመስል ሕቶይ ኣምጺኣየ። መጽሓፍ ተስፋይ ቀለታ፣ ኣብ ቀዳማይ ክፋል፣ ብዛዕባ ሱ-ኣገባብ ምርምር ሙብርሂ ትህብ። ኣብ ካልኣይ ክፋል፣ እቲ ቅድሚ መግዛእቲ ጣልያንን ድሕሪኡን ንኤርትራ ኣመልኪቱ ብወጻእተኛታት ዝተገበረ መጽናዕትታት ብዙሕ ምኻኑ ተርኢ። ኣብ ሳልሳይ ክፋል ድማ ንዝርዝር ስራሓት ኣሃዱታት ትምህርትን መጽናዕትን ህዝባዊ ግንባር ምስ ትንተናታቱ ዘቕረበት'ያ።

ቅድሚ ገለ ዓመታት፣ ሓንቲ ንቐይሕ ባሕሪ ዝምልከት ትሕዝቶ ዘለዋ፣ ብጆናታን ሚራን ዝስሙ ተመራማሪ ዝተጻሕፈት ዓንቀጽ ኣንቢበ ነይረ። ኣብታ ዓንቀጽ፣ ብሕጂ ዝመጽኡ/ዝገደሱ ተመራመርቲ ኣብ ምርምራቶም ክትከተሉዎም ዝግብኦም ኣገደስቲ ኩርናዓት ተዘርዚርም ብምርካበይ፣ "እንታይ ዝበለ ሰናይ ድሌት!" ብምባል ከድነቕ ይዝከረኒ። ምኽንያቱ፣ ኣብ ተመክሮይ፣ ገለ ሰባት ሓሳባት ዝውዳእ መሲሉዎም፣ ሓሳባት ክበቁ የጋጥመኒ ነይሮም'ዮም። ብተመሳሳሊ፣ "መጽሓፍ ኣቶ ተስፋይ ቀለታ፣ ብምልእታ ናይ ልዝቢ መጽሓፍ'ያ" እንተ ተባሂሉ፣ ምግናን ኣይኮነን። ምኽንያቱ፣ ኣገደስቲ ኩርናዓት ንኸጠዋር፣ ሓደ ክልተ ማስመር ዘይኮነ 390 ገጻት'ዩ ወፍዩ። ኣብ 390 ገጽ፣ ልግሱ ኣርእዩ። ብኣረኣእያይ፣ "እንኩም! ኣብዚ ዓውዲ'ዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ትሕዝቶ ኣሎኩም። ተጠቐሙሉ" ዝብል'ዩ ቀንዲ ሕመረት ናይዛ መጽሓፍ።

እቲ ኣቐዲመ ዝሓተትክዎ፣ ድሕሪ ከም ዝተገንዘብኩዎ፣ "መጽሓፍካ ንዛልኪ ሊቃውንቲ ጥራይ ኢልካ ጽሒፍካያዶ ትኸውን?"፣ "ኣብ መጽሓፍካ ንሕቶ 'ኣይቨሪ ታወር' (ivory tower) ክትብ ክንደይ ኣደነዮ ሂብካዮ?" ንምባል'ዩ ነይሩ።

ብኣናብበይ፣ ኣቶ ተስፋይ ኣብቲ "ምርምር ናይ ምርምራት" ዝሓዘት መጽሓፉ፣ ኑዩም ኣብ ሰብኣዊ መዳይ ኣተኩሮም ዝሰርሑ መጽናዕትታት ከም ዝደግፍ'የ ተረዲኤ። እዚ ከኣ ምርምራዊ ስራሓት ካብ 'ኣይቨሪ ታወር' ንኽድሕኑ ዝሓሰቦ ፍወሳ'ዩ ክኸውን ዝኽእል። ብመሰረቱ ኣቶ ተስፋይ ብቋንቋ ትግርኛ ምቕራብ ጥራይ፣ መጽሓፉ ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ድኻም ንኸይትሕመ ዝሰላኸለ ሕርያ ኮይኑ ረኺበዮ'ለኹ።

"መጽሓፍካ ብዛዕባ እንታይ እያ" ከም ሕቶ፣ "ብቕዓት ናይ ምርምራዊ ስራሕ፣ ሓደ ኣንባቢ ብኸመይ ክግምግሞ ይኽእል?"፣ "ንብዙሕ ምርምራት ኣእማኒ ዝምስሎ ረቛሒ እንታይ እዩ" ዝብሉን ካልእን ሕቶታት እተለዓዕል ኮይና ተሰሚዓትኒ። ብኻልእ ኣዘራርባ፣ ሕቶይ፣ ኣብ ክንዲ በዝም ሕቶ ኮይና እትተርፍ፣ "ሱ-ኣገባብ ምርምር ስለ ዝተኸተለ ጥራይ፣ ሓደ ምርምር ብቑዕ'ዩ ክንብል ንኽእልዶ?" ከተሰምዕ'የ ዝደለያ። ገምጋም ብቕዓት (quality assessment) ክሳዕ ክንደይ እዩ ንድኻምት ሱ-ኣገባብ ምርምር ዘቃልዕ ክፍለጥ ኣሎዎ።

እታ ንኣቶ ተስፋይ ዝረኸብኩላ ኢጋጥሚ ምችእቲ እንተ ትኸውን፣ "ንተመሃሮ ባህርያዊ ሱፍልጠት ዝኸውን ዳታ ኣብ ማእከል ምርምርን ሱዳን ይርከብዶ?" ማለተይ እየ ምባልኩዎ። ኣቶ ተስፋይ ኣብ መጽሓፉ፣ ተመሃሮ ኮለጃት ኑቲ ዘሎ ዳታ ብምርምራቶም ኣደኒዮ ክህቡሉ ስለ ዝዕድም፣ ሕቶይ፣ "ኑቲ ኣቐዲሙ ክሞገር ዝጸንሐ ናይ ተመሃሮ ኮለጃት ምርምር ኣመልኪትካ እንታይ ምበልካ?"፣ "ደረት መሰሱ-ሓረግ ክሳዕ ክንደይ እዩ ክኸውን ዘሎም?"፣ "ንምርምር ኣብ እንብረሱ፣ 'ቀንዲ ኣምራትን ተቐያየርቲ ነገራትን' ብኸመይ ክልልዮም?" ወዘተ. ዝብሉ ሕቶታት ዝደፍኡዋ ምኻና መብራህኩሉ።

እታ ኣቐዲመ ዝሓተትክዎ ሕቶ'ምበኣር፣ ምስ ሕጽረት ግዜን ሃንደበትነት ርክብናን ደኣ ፈኹሳ ቀሪባ'ምበር፣ "ፍልልይ ኣብ ሓደ ናይ ምርምር ትካል ኮይኑ ዝሰርሕን ነጻ ተመራማርን እንታይ እዩ" ብልክዕ ክበርሃለይ ንምሕላን'ዩ ነይሩ።

ኣርን ተስፋኣለም

## ደሃይ ኣንበብቲ ናይዚ ዓምዲ

### ክይጠፍእ ደርፍታትና

ኣብ 2025፣ ኣብዚ ዓምዲ'ዚ - ኣብ ንኡስ ዓምዲ 'ዛዕባ ጥበብ' – "ምስትምቓር መዚቃ ብኸመይ?" እትብል፣ ንጹሓፊኣ እንጀራ ዓለም ብሉፅ እተኑብል ጽሕፍቲ ኣንበብ ነይረ ንእሽተይ ክውሰኸሉ።

ሓደ ምሸት፣ ምስ ካብ ወጻኢ ሃገር ዝመጽአ መሓዛና፣ ክንዘናጋዕ ናብ ሓደ ቦታ ንኸይደልኩም። ቦታ መሊኡን ዋዕዋዕ ዝበለን ኮይኑ ጸንሓና። ኮፍ መበሊ ሒዝና፣ እንስትዮ ኣዘዝና። እንተኾነ፣ ከምቲ ኣብታ ዝጠቐስኩዋ ሕታም ተገሊጹ ዘሎ፣ ብርታዕ ድምጺ መዚቃ እዝንኻ ዝጨድድ ብምንባሩ፣ ዘረባ ዘይብሉ ምልሃይ ጥራይ ኮንና። ይኹን ግና ንገለ እዋን ደስ ዙበል ናይ ሃገር ዜማታት እናሰማዕና ሸሽ በልና። ሓሙሽተ ዝኸውን ደርፍታት ምስ ሰማዕና፣ ደርፊ ክደጋገም ጀመረ። ዝፈትዋ ደርፊ ስለ ዝተደገመት፣ ንኻልኣይ ግዜ ተሓጎይ ኣውጺኣሉ። ደራፊኣ ኣብቲ ቦታ ስለ ዘበረ፣ ሕገስ ኣለ'ውን ሳዕሰዕኩ። ተሰለሰት። "እዋእ!" ኢለ ኮፍ በልኩ። ወያ ዲጀይ ኑቲ ደራፋይ ከሐጎስ ክመስል ንራብዓይን ሓሙሻይን ግዜ ደጋገሞ። ቀጺሉ'ውን ወሰናት ደርፍታት ጥራይ ክደጋግም ኣምሲዩ። እዚ፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ዝተፈላለያ መዘናግዒ ቦታታት ልሙድ ኮይኑ ዘሎ ተርእዮ እዩ። ሰለስተ ሰዓት ኮፍ ኢልካ ሰለስተ ደርፌ ጥራይ ሰሚዕካ እትኸይደሉ እዋን ኣሎ።

ዲጀይ ምኻን ማለት ስሩጥበበኛ ምኻን ማለት'ዩ እብል ኣነ። ብኸመይ ናይ ዓሚል ስምዒት (mood) ኣንቢብካ ተደሲቱ ከም ዝኸይድ ትገብር፣ ማዕረ-ማዕረኡ ድማ ብኸመይ ደርፍታት ሃገር - ናይ ቀደምን ናይ ሕጂን - እናኣዘናጋዕካን እናመረጽካን ተጻውት እዩ እቲ ጥበብ። ኣብዚ ግዜን መዓልትን ምሕላው ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲታት፣ ዝበዝሐ ዓሚል ርግእ ኢሉ ክምዘናጋዕ ዘደሊ። ምስ መሰየ ርሰን ዝበለ መዚቃ ምውላዕ ኣይጽላእን፣ ብዝሒ ምድግጋም ንተመሳሳሊት ደርፊ ግን ኣየድልን። ሓቲተ ከም ዝተረዳእኩዎ፣ ኣብ ገለ ትካላት፣ እቶም ዋናታት ዲጀይ ቀጺሮም ኩብቅዑ እዝን ከምዝን ወልዕ እናበሉ ምስራሕ ዝኸልኡን ባዕሎም ዲጀይ ዝቖጻጸሩን ኣለው።

ሓደ ምሸት ምስ መሓዛተይ ክዘናጋዕ ንወጽኣልኩም። ኣብ ሓንቲ ብቐጻሊ እንኣትዋ መዘናግዒት፣ "ፕያኖ ባር" (piano bar) ነበረ። እቲ ጥዑም መደብ ምስ ተወድአ፣ ዲጀይ ላፕቶፕ ሒዙ መድረኽ ተረከበ። ንመሓዛተይ፣ ኩለን ዘሰምዓና ደርፍታት ብዘርታ ነገርክወን። ኣይኣመናንን። መደብ ምስ ተወድአ ኣመና ተገረሙ። "ምሸታዊ ዝኣተን ጥራይ ይውልዕ!" ብምባል ተገሪመን ሓተታን። ናብቲ ቦታ ኣብ ዝኸደሉ ብቐጻሊ ዝሰምዐን እየን።

"ካብዚ ኩሉ ደርፍታት ሃገርናን ዓለምን እዚኣተን ጥራይ እዩ ዘሰምዕ!" መሲሱሉን ኣነ'ውን ተገረመ።

ናብዩ እዩ ክይዱ እዚ ኩሉ ብሉጽ ደርፍታትና! ካብ ናይ ቀደም ክሳዕ'ዚ ዘመናዊ እዋን፣ እዚ ዘደንሕል ብሉጽ ደርፍታት ኣሎና። ዲጀያት ዘሰምዑና ዘለዉ ግን ዝተወሰኑ ምሸታዊ ዝድጋገሙ'ዩ። ሕሰብ ደኣ ኣብሉሉ።

ሰሊት ኣብርሃም
ኣስመራ

* * *

## ስኣን ንቕሓት እንተኾይኑ ነንቅሓዮም

ምስዚ ናይ ሰሊት ኣብርሃም ዝመሳሰል ርእይቶ ካብ ካልእ ተኸታታሊ ዓምድና፣ የናስ ምስጥሮም፣ እውን በጺሑና። የናስ ኣብ ሓደ ፍሉጥ መዘናግዒ ቦታ ናይ ኣስመራ ዘጋጠሞ'ዩ ጠቒሱ። ንሱ ከምዚ ይብል፣ "ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ሓንቲ ኣብ ከባቢ ሹዳ እትርከብ መዘናግዒ ማእከል ብርክት ዝበሉ ወጻእተኛታት በጺሖም ኣትዮም ክዘናግዑ ርእየ። እዚ ተርእዮ'ዚ ኣብዚ ቀረባ እዋን ብብዝሒ ዝረኣኽዎ ኮይኑ፣ ሰላማዊት ሃገርና ንበጻሕቲ ምችእቲ ምኻና መስከሪ ኣየድልየን። እቲ ክጽሕፎ ደልየ ዘለኹ ግን ኣብ መዘናግዒ ቦታታት ዝውሓዕ ዘሎ ደርፍታት'ዩ። ብዘይቀልዓለም መዘናግዒ ቦታታት ማእከል ባህሊ እውን'የን። እንተኾነ እዘን ቦታታት እዚኣተን ንኸምኡ ዝበቅዕ ንቕሓት ኣሎወን ኣይብልን። ናይ ዝተፈላለያ ቋንቋታትና ብሉጽ ደርፍታት እንከሎና፣ ናይ ባዕዲ ወሊዕካ በጻሕቲ ሃገር ክትቅበል ሃዋንታ ኣሎም። ዝምልከቶ ዕቱብ ቆላሕታ ክገብረሉን ኣብ መዘናግዒ ማእከላት ክድረፍ ዘሎዎ ሃገራዊ ደርፍታት መረጻ ክዘርግሕን ክከታተልን እላቦ። ከመይሲ፣ እቶም በጻሕቲ ሃገር ብናይ ባዕዲ መዚቃ ክዘናግዑን ክሰዕሰዑን ምርኣይ ዕሽሽ ክበሃል ስለ ዘይግባእ። ስኣን ንቕሓት እንተኾይኑ ነንቅሓዮም፣ ስኣን ዓቕሚ እንተኾይኑ ነሰልጥኖም።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ኣቶ ቺቺ ዓንደማሰቀል ደብረጽዮን፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሚለን ዳዊት ተወልዱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ኣድራሻኺ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኪ ን10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ኣፍልጥ።

ኣመልካቲ ኣቶ ኣብርሃም ጉብረኣብ በኺት፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ኣረጋሽ ጉብረትንሳኤ፡ ንምቅላት ወርሲ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ኣፍልጥ።

ከሳሲት ነጻት ጉብረእግዚኣብሄር የውሃንስ፡ ተኸሳሲ ሮበርቶ ፍቃዱ ካሳ፡ ንጹር ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ኣፍልጥ።

ከሳሲት ሳባ ጉብረማርያም ካሕሳይ፡ ተኸሰስቲ 1.ሳሙኤል ካሕሳይ 2.ሰላም ሃብታይ፣ ናይ ሞግዚት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ ወይኒ ዳዊት ጉብረማርያም፡ ኣቶና ዳዊት ጉብረማርያም ስምረት ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ፍረወይኒ ስዩም ነጋሽ፡ ኣቦይ ነ/ሄር ነጋሽ ኣስገዶም ዝዘኒ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ከበደሽ ጉብረ ወልደስላሴ፡ ተጸዋዒ ብርሃ ኣብርሃም ዑቕባሚካኤል፡ ናይ ውክልና ምስራዝ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን26/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ኣፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ፈቨን ብርሃ ደሕደኑ፡ ተኸሳሲ እስክንድር ተሰፋይ ተሞኙ፡ ብዓልቲ ቤትካ ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ኣፍልጥ።

ወረ/ፍ ኀይትኦም ወልደየውሃንስን ወረ/ፍ ፍረዝጊ ወልደየውሃንስን፡ ኣቡኣቶና ነፍ/ወልደየውሃንስ ዓንደሚካኤል ወ/ትንሳኤ ስለዝዋረፉ፡ 10 ደቁ ምስ 6 ተተካእቲ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ይ/በዝሕትን ወ/መልሰን ዘሎ ናይ ሰም ዋንነት ምትሕልላፍ፡ ብስም ነፍ/ኣስመላሽ ጉብረማርያም ወ/ሮ ሰላስ ጉብረ ፍስሃዮ ኣብ ከተማ ኣስመራ ን/ዞ/ኣኽርያ (ዞባ 8 ምም 14 ነበር) ፕሎት B bis ፓርሰል 10ን 11ን ዝርከብ ሓደ ክፍሊ ምስ ሓደ ንእሹቶ ሰርቪስ ንዘተጠርየ ቀዋሚ ንብረት ዝምልከት ክርክር ብደረጃ ይግባይ ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ወ/መልሲ ዝኾኑ ወ/ነፍ/ፍረወይኒ ኣስመላሽ ጉብረማርያም 1.ወ/ሮ እየቢል ክፍለ ኣድልሀይ 2.ኣቶ ፊልሞን ክፍለ ኣድልሀይ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ኣፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ከሳሲት ወ/ሮ ኤደን ካሕሳይ ሃብተማርያም ወኪል ወ/ሮ እዝየዝርያ ክፍለ ተሰፋጋብር፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኒቀዲሞስ ኢትባረኽ ኪዳኑ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ኣፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ቀደሽ ተኽለ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ግዚኢ ስዩም፡ ናይ ፍትሕ ምጽዳቕ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ኣፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሶፍያ ኣብርሃም ሃብተ ምባል ተሪፉ፡ ሶፍያ ኣብርሃም ሃብቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ለተሚካኤል ኣስካለ ዑቕባስላሴ፡ ወለድና ኣስካለ ዑቕባስላሴ ወልደገርግሽን ነሲት ወልደማርያም ጉብረጻድቕን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ርሻን ተሰፋይ ደኩኖ፡ ኣቦይ ተሰፋይ ደኩኖ ስለዝዋረፉ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ምልእተ ዓንደጊዮርጊስ መሓሪ ምባል ተሪፉ፡ ምልእተ ዓንዱ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ርዝና ትኩእ ሰንጋል፡ ተጸዋዒ ሓሰን ፍይድ መሓመድ፡ ናይ ኣቦት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ኣፍልጥ።


## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

የናስ ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፡ የናስ ኣብራሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ሮዳስ ጺጋይ ጉብረሚካኤል፡ ተጸዋዒ ሰዓረ ምሕረቱ መለሱ፡ ናይ ሰቪላዊ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ኣፍልጥ

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ዘፍቅሮ ክቡር ብዓልቤተይ ኣቶ የናስ ተስፋይ (ቺና) ተስፋጽዮን፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዓዲ ኣቤቶ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴለፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣኸበረት ተኸስተ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ኣመልካቲ ኣነ ኣቶ ርስቱም ነጋሽ ኣስገዶም፡ ካብ ነፍ/ሄር ወልደሚካኤል ኣባመጋል፡ ብመለለዪ ገዛ ASD00025606 ኣብ ምም/ን/ዞባ ሰምበል ኣብ ዚፕ 1A835 ዝርከብ ገዛ ዝዓደኩዎ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘየለ ግን ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ መስርሕ ምትሕልላፍ ስም ክቕጽል ምዃኑ ኣፍልጥ።

ኣቶ ርስቱም ነጋሽ ኣስገዶም

ኣመልካቲ ኣነ ኣቶ ርስቱም ነጋሽ ኣስገዶም፡ ካብ ነፍ/ሄር ወልደሚካኤል ኣባመጋል፡ ኣብ ምም/ን/ዞባ ሰምበል ኣብ ዚፕ 1A835፡ ፕሎት 27 ፓርሰል ASP 00028651-M ብመለለዪ ገዛ ASD00025606 ስፍሓት መሬት 100 ት/ሜ ብቁ/ንብረት 1BRASM019829 ዝርከብ ገዛ ዝዓደኩዎ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታዮ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘየለ ግን ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ መስርሕ ምትሕልላፍ ስም ክቕጽል ምዃኑ ኣፍልጥ።

ኣቶ ርስቱም ነጋሽ ኣስገዶም



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማከል ኣስመራ

የዲት ገብረእግዚኣብሄር ዓንዳዪ ብዓል ቤተይ ርእሶም ገብረታትዮስ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ደረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኣድያም ሃይለ ካሶግይ፡ ኣቦይ ካሶግይ ተሰፋይ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ደረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ራፋሊና ኣረፋይነ ኣላ ምባል ተረፉ፡ ራፋኤሊና ኣረፋይነ ኣላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 25/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኣቶ የናስ ገብረህይወት መሓሪ፡ ኣቦና ገብረህይወት መሓሪ ተኪኤን ዑቕባማርያም ገብረትንሳኤ ግርማጽዮንን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ 5 ተተካእቲ ወረስቲ ምዃንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ነቢ የሴፍ ሰዂል ምባል ተረፉ፡ ነቢ የሴፍ ኣሰዂል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ናእሚ የሴፍ ሰዂል ምባል ተረፉ፡ ናእሚ የሴፍ ኣሰዂል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ሜላሄር የሴፍ ሰዂል ምባል ተረፉ፡ ሜላሄር የሴፍ ኣሰዂል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ማርታ የሴፍ ሰዂል ምባል ተረፉ፡ ማርታ የሴፍ ኣሰዂል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 11/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

የርዳኖስ ኣስራት ተስፋጺዮን ምባል ተረፉ፡ የርዳኖስ ሃይለ ተኽለማርያም በኺት ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስም ኣደይ ድማ ወዓሽ ተወልደመድህን ምባል ተረፉ፡ ምጽላል ኣስራት ተስፋጺዮንትባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኣበበ ተወልደብርሃን ተስፋገርግሽ፡ ወለደይ ተወልደብርሃን ተስፋገርግሽ ዳምርን ህድኣት ተስፋይ ትኩእን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ናይ ወለድና ምዃንና፡ ብወገን ወላዲና ዝወለዱ 3 ኣሕዋተይ ምስ 3 ተተካእቲ ደቂ መውትቲ ሓውና ወረስቲ ምዃንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሃብቶም ደበበ ሮኽረ ምባል ተረፉ፡ ሃብቶም ኣበበ ሮኽረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 6/3/26 ኣብ ቤ/ፍቁ.47 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምልእተ ኣብርሃ ዑቕባዮውሃንስ፡ ብዓል ቤተይ ኣማኑኤል ዑቕባሚካኤል ግርሙ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ደረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ኣኸሉ ተወልዳይ መሓረዝጊ፡ ብዓል ቤተይ ሃይለ ይመስል ሓጎስ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ደረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ተስፋይ ሮኽረጽዮን ሃይሌ፡ ብዓልተ ቤተይ መም/ብርዛፍ ሓድጉ ይሕደጎ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፡ 1ጓልና ድማ ወራሲት ምዃና ደረጋገጸላ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ፍቕሩ ሃብቱ ሃይሉ ምባል ተረፉ፡ ፍቕረያሰስ ሃብቱ ሃይሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/3/26 ኣብ ቤ/ፍቁ.47 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣልማዝ ሃይለ መረስዑ፡ ብዓል ቤተይ ግርማጽዮን ተኽለስላሴ ክፍሉ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ደረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ጺጋ እምሃጼን ዑቕባብርሃኔ፡ ኣደይ ህድኣት ጊላማርያም ሓጎስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይን 7 ተተካእቲ ደቃን ወረስቲ ምዃንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ናትናኤል ኢሳቕ ምባል ተረፉ፡ የኤል ኢሳቕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

መሬም መሓመድሰዒድ ዓሊ ምባል ተረፉ፡ መርየም መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ስቲፋን ሃብቶም ተወልደ ምባል ተረፉ፡ እስቲፋኖስ ሃብቶም ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቘርደት

ፍረወይኒ ገብረማስቀል በኺት፡ ካብ ኣደይ ኣፍ/ሄር ግደይ ባህታ ተጻግ ዝተዋህበኒ ወህብቶ ደጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንሱራ

ሓጎስ ኣፈወርቂ ሰዩፉ፡ ስም ኣደይ ደሃብ ወልደመድህን ወልደጻድቕ ምባል ተረፉ፡ ደሃብ ተወልደመድህን ገብረጻድቕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ትብለጽ ዘረፉ ዑቕባጼን፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃ ኣዛዚ በየድ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ደረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ኣቶ ስእላይ ኣብርሃ ዓጽሙ፡ ኋለይ የሃና ስእላይ ኣብርሃ ስለዝተሰወኣት፡ ኣነ ምስ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ መዓሾ ሓጎስ ጥራሕ ወረስቲ ምዃንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

መሓመድ ዓሊ ሮሞዳን ምባል ተረፉ፡ ኣደም ዓሊ ሮሞዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሓመድ እድሪስ መሓመድ፡ ስም ኣደይ ሓሊማ ዒሳ ሙሳ ምባል ተረፉ፡ መርየም እድሪስ ሁመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

መሕሙድ መሓመድ ዑስማን እድሪስ ምባል ተረፉ፡ መሕሙድ ዑስማን እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 1 ምምሕዳር 06 ጎደና ኣዝዞ ማጉቴዝዞ (ሰኪይቲ) ቁጽሪ ገዛ 13 ቁጽሪ ሎታ 43 ብየዝዜምዊ ምስክር ዋንነት ኣብይቲ ከተማ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 118662 መወከሲ ቁጽሪ 132080 ብስም ወ/ሮ ኣሲሳ ሰዒድ ዑበድ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብህያብ ቁጽሪ 18437-10928 ካብ ወላዲኣ መዋቲ ሸኽ/ሰዒድ ዑበድ ባሕቤሻ ዝወሃቦ ንብረት ገዛ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን የቕርብ፡፡ ዝቃወም እንተዘየለ ግን ናብ ስምና ክመሓላለፍ ምዃንና ንሕብር፡፡

ወኪል ኣቶ ቴድሮስ እዮብ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 1 ምምሕዳር 06 ጎደና ኣዝዞ ማጉቴዝዞ (ሰኪይቲ) ቁጽሪ ገዛ 13 ቁጽሪ ሎታ 43 ብየዝዜምዊ ምስክር ዋንነት ኣብይቲ ከተማ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 118663 መወከሲ ቁጽሪ 137555/132075 ብስም ወ/ሮ ዛህራ ሰዒድ ዑበድ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብህያብ ቁጽሪ 18437-10928 ካብ ወላዲኣ መዋቲ ሸኽ/ሰዒድ ዑበድ ባሕቤሻ ዝወሃቦ ንብረት ገዛ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን የቕርብ፡፡ ዝቃወም እንተዘየለ ግን ናብ ስምና ክመሓላለፍ ምዃንና ንሕብር፡፡

ወኪል ኣቶ ቴድሮስ እዮብ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 1 ምምሕዳር 06 ጎደና ኣዝዞ ማጉቴዝዞ (ሰኪይቲ) ቁጽሪ ገዛ 13 ቁጽሪ ሎታ 43 ፓርቸላ D ብየዝዜምዊ ምስክር ዋንነት ኣብይቲ ከተማ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 118971 መወከሲ ቁጽሪ 137557/132086 ብስም ወ/ሮ ሶፍያ ሰዒድ ዑበድ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብህያብ ቁጽሪ 18437-10928 ካብ ወላዲኣ መዋቲ ሸኽ/ሰዒድ ዑበድ ባሕቤሻ ዝወሃቦ ንብረት ገዛ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን የቕርብ፡፡ ዝቃወም እንተዘየለ ግን ናብ ስምና ክመሓላለፍ ምዃንና ንሕብር፡፡

ወኪል ኣቶ ቴድሮስ እዮብ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 1 ምምሕዳር 06 ጎደና ኣዝዞ ማጉቴዝዞ (ሰኪይቲ) ቁጽሪ ገዛ 13 ቁጽሪ ሎታ 43 ብየዝዜምዊ ምስክር ዋንነት ኣብይቲ ከተማ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 118661 መወከሲ ቁጽሪ 132068/137554 ብስም ወ/ሮ መርየም ሰዒድ ዑበድ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብህያብ ቁጽሪ 18437-10928 ካብ ወላዲኣ መዋቲ ሸኽ/ሰዒድ ዑበድ ባሕቤሻ ዝወሃቦ ንብረት ገዛ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን የቕርብ፡፡ ዝቃወም እንተዘየለ ግን ናብ ስምና ክመሓላለፍ ምዃንና ንሕብር፡፡

ወኪል ኣቶ ቴድሮስ እዮብ

# ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

## ሃገራዊ መዝሙር፡ ንሃገራዊ መስመር

ቤቲኤል ሰሎሞን

1890 እዩ፣ እቲ ገዛኢ ሓይሊ ብትንቢት ዝመስል ግን ከኣ ክውንነታዊ ስያመ፡ ቀይሕ ካብ ትርጓሚኡ ግሪኻዊ ቃል ነታ ሃገረ ምደረ ባሕሪ ዝነበረት ሃገር፡ ‘ኤርትራ’ ኢሉ ስም ኣጠሚቑዋ። ዕድል ኣይገበረትን ኤርትራ። እቲ ቀይሕ ዝብል ትርጓሜ ዘሎዎ ስያመኣ ጠማቲ ኣብዚሑላ። ልዳት ቤታ ዝሹሕኵሑ በዚሖም። መናጪቶም ከሕቅቑዋ፡ ተላፊኖም ክጐዛዝዩዋ፡ ኣሕቢሮም ከሕቅቑዋ፡ ረጊጾም ክቐብሩዋ፡ ሓኒቖም ክቐትሉዋ፡ … ልዕሊ ክልተ ኣርብዓ ተፈቲና። ከምቲ ስም ይመርሕ ዝተባህለ፡ ወዮ እታ ቀያሕ ሃገር ብቐያሕቲ መሬታ ከተውሕስ ግድን ኮይኑ።

ሃገራዊ መዝሙር፡ ናይ ሓንቲ ሃገር መለለዪ እዩ። እቲ መዝሙር ንዜጋታት ሓይሊ ይህቦም፣ ብመንነቶም ከም ዝሑርዑ ይገብሮም። ኣብ መዝሙሮም ይሕጉሱ፡ ይፍስሁ፡ ይነብዑ፡ የስተንትኑ። ኣብታ ሓጻር ህሞት፡ ብህርመት ልቦም ተዛሚዱ ዝዘዋወር ናይ መንነት ሓበን ኣብ መላእ ኣካላቶም ዑደት ይፍጽም። ስለዝኾነ ሃገራዊ መዝሙር ቀሊል ዘይኮነ ትርጉም ኣሎዎ። እታ ካብ ህጻንነትና ኣፍ ከየጽረና እንዝምራ ኤርትራዊት መዝሙርና’ውን፡ ንዓና ንኤርትራውያን እትህበና ረቂቕ ኣምር እንተ ሃልዩ፡ ንሃገራዊ መስመርና ዘትርር እዩ።

“ኤርትራ ኤርትራ” ተባሂሉ ክዝመር፡ እታ ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ኣፍልቡ ዝሰቓላ የማነይቲ ኢዱ ትርጉም ኣሎዋ። ከምቲ ህላወ ልቢ ንኣካልና ወሳኒ ዝኾነ፡ “ህላወይ ንህላወኺ ከምዛ ልቢ’ዩ ኤረይ” እዩ ዝትርጉሞ። እታ ብውህደት ግጥማ፡ ምቁር ጣዕመ ዜማ ዝሓዘለት ሃገራዊ መዝሙርና፡ ኣብ ዑደት ደምና ክሳብ እትዘዋወር ኢና ነስተማቕራ። ኣብ ፈላሚ ማይ ቤት ዝጸንሓካ ግጥሚ፡ ነቲ እከይ ፍሒሱ ዝመጽአ’ሞ ብገዛእ ገመዱ ዝተሓንቀ ብዓል ደም፡ እናልቀሰ ከም ዘፋነወት ዝገልጽ ንጹር ቃል እዩ። ኤርትራ ኤርትራ ክትከውን ዝተፈረመ ቀይሕ ደም፡ ብሓርነት ምድባሱ ኵርዓት ዝፈጥር እዩ። እቲ ምንታይ እቲ ደም ክተክል ዝመጽአ፡ ከይበቕዐ ዝተማሕወ ብዓል ደም ኣልእላፍ ሓቲቱ እዩ። ስለዝኾነ’ዩ ከኣ እቲ ዝኸፈልናዮ መስዋእቲ ብሓርነት ምድባሱ ባህታ ዝፈጥረልና።

ናጽነት ናጻ ምኻን እዩ። ናጻ ምኻን ድማ ሕርያ እዩ። ሕርያኻ ምስ ትኸውን ግን ይንዋሕ ይሕጸር ብዘየገድስ ትቃለስ። ንሓቅታትካ ከተጉልሕ ትዋደቕ። ዝወሰድ ይውሰድ ግዜ ዝተኸፍለ ይከፈል ጸኒዕካ ትምክት። መለለዪኻ ጽንዓት ክኸውን ኣማራጺኻ ዘይኮነ ግዴታኻ ትገብሮ። እቲ ምንታይ ይተረፍዶ ብግብሪ ብቓል’ውን ናጽነት ምቅርቲ ስለዝኾነት። “ኤርትራ መዋእል ነኺሳ ኣብ ዕላማ፡ ትእምርቲ ጽንዓት ኮይኑ ስማ” ብርግጽ መን ከም ኤርትራ። ኤርትራ ዝጸረቶ መን ይኽእሎ፣ ዝኸፈለቶ መን ይኸፍሎ። ኤርትራ ሎሚ ኣርማ ጽንዓት ክትከውን ዝገበራ ሕርያ ገድላን ምኽኣል ገድላን እዩ።



“ኤርትራ ኤርትራ” እናበለ ኣብ ዝዝመረሉ እዋን፡ ናበይ ምኻኑ ዘይርድኣኒ መገሻ እገይሽ እየ። እቲ ብሓደ ድምጺ ዝዝመር ኤርትራዊ ድምጺ መቓልሕ ፈጢሩ ኣብ ኩብሒ ኣእምሮይ ክመላለስ ከሎ፡ ብባህታ ይሰራሰር። ብፍላይ እታ “ኣብ ዓለም ጨቢጣቶ ግቡእ ክብራ” እትብል ምልእቲ ሓሳብ፡ ክብረት ከም ዝስምዓኒ ትገብረኒ። ‘ጸሓይና መሊኣ በሪቓ’ ምስ ተባህለ ባንዴራ ሃገረይ ምስ ኩለን ሃገራት ዓለም ተሰሪዓ ምስቃላ ዘኪረ ፍስሃ ይወረኒ። እቲ ኩሉ ኤርትራዊ ዝስምዖ ስምዒት።

ናጽነት ኤርትራ ሓበን ውጹዕ ህዝቢ እዩ። ደበስ ሕዙን ህዝቢ እዩ። ተስፋ ግሁይ ህዝቢ እዩ። እቲ ንልዕሊ ሚኢቲ ዓመት ዝተሓሰሞ ክብረት ዝተጓናጸፈሉ ሓድሽ ምዕራፍ ናብራ ዝመስከረሉ መድረኽ እዩ። ሓቂ ብእግራ ተቐበርካያ ብርእሳ ዝወጽእ፡ ዝብል ምስላ ነቲ ኣብ ሃገራዊ መዝሙርና፡ “ኣመስኪራ ሓቂ ከም ትዕወት” ዝብል ነግሒ ዝድርዕ እዩ።

ናጽነት ኤርትራ፡ ሓቂ ዝሓዘ ከም ዘይደንን ዝረጋገጸ ምስክር ወረቐት ዘየድልዮ ግብራዊ ምስክር እዩ።

ወዮ ቀያሕቲ ዝወሓጠ ቀይሕ መሬት፡ ሕጂ’ውን ቅሳነቱ ዝቃጸጽ ኣይሰኣነን። እንተኾነ፡ እታ ናይ ዓለም ምሉእ ሓያላን ኣድኒና፡ ዝግባእ ክብራ ዝረኸበት፡ ዝኸፈል ከፊላ ናጽነታ ዘውሓሰት ሃገረ ኤርትራ፡ ነቲ ናጽነት ዘምጽአ ኒሕ ኣየጥፍኣቶን። እቲ ኒሕ፡ ብተራ ቃል ዝግለጽ ኣይኮነን። ንጥሜት ዝሰዓረ ኒሕ፡ ንሞት ዝደፈረ ኒሕ፡ ንምረት ምቁር ዘምሰለ ኒሕ፡ ንብጻይነት ዘደልደለ ኒሕ፡ ብሓፈሻ ምእንቲ ሃገር ዝኾነ ይኹን ናይ ምኽኣል ኒሕ። እዚ ኒሕ እዚ ግን ኣብ በረኻታት ሳሕል ዝዕገት ዘይኮነ መስመሩ ኣስጢሙ ዝቕጽል ኒሕ እዩ፣ ኤርትራዊ ኒሕ።

ኤርትራዊ፡ ነቲ ኹሉ ሽግርን ጸበባን ፈንጢሱ ወጺኡ። ብናይ ትማል ኒሑ ንልምዓትን ህንጸትን ገስጊሱ። ብመንገዲ ሃገራዊ መዝሙርና ከም ዝተባህለ፡ “ንህንጻ ንልምዓት ክንሰርሕ፡ ስልጣኔ ክነልብሳ ግርማ፡ ሕድሪ’ለና ግምጃ ክንስልማ።” ሕጂ’ውን ግምጃ ሰሊሙ ኣብ ቅድሚ ዓለም ደሚቓ ክትርአ ትልሙ ይፍጽም ኣሎ።

“ከም ኣብ ብረታዊ ቃልሲ፡ ኣብ ዳግመ ህንጸት ተኣምር ንሰራሕ፣” “ብወፍሪ ሎሚ ንራህዋ መጻኢ፣” “መስመርና ዋሕስ ልምዓት፣” ነዚ ኩሉ መብጽዓታት ድማ ከም ቴማ 2019 ጽንብል ናጽነትና ዘግህዶ “ንጽንዓት ብጽንዓት ንልምዓት” እዩ እቲ መልሲ። ምቕጻል ጉዕዞ ሓያላት እዮም ዝመልኩዋ። መትከልካ ምጽናዕ፡ ኪኖ ብድሆታትካ ራኢኻ ኣግዚፍካ ምጥማት ከኣሊ ይሓሪ’ዩ።

“ኤርትራ ኤርትራ ኣብ ዓለም ጨቢጣቶ ግቡእ ክብራ” እታ ወትሩ ዘደጋግማ ቃል ሃገራዊ መዝሙረይ እያ። ኣብ ኣብያተ ትምህርትና ኣብ ነፍሲ ወከፍ በዓላትና፡ መዛዘሚ ኣኼባታትና፡ ወትሩ ብሓበን ኣብ እንዝምረሉ ነታ ዝዘረየትና ዓለም ብምስዓርና ኵርዓት ስለ ዝፈጥረልና ሕብን ንብል።

ሎሚ ከም ትማሊ ኣብቲ ጽኑዕ መትከልና ረጊጽና ብሃገራዊ ክብርታትና ተደሪዕና ንምርሽ። በታ ብሕብርታት ወቒባ፡ ብህዱእ ንፋስ እትወዛወዝ ሃገራዊት ባንዴራና ተማእኪልና ንዝምር። መዝሙር ሓቅን ፍትሕን፡ መዝሙር ሓጐስን ደበስን፡ መዝሙር ንጹር ራእን ዕዮን እናደጋገምና፡ “ኤርትራ ኤርትራ” ንብል። ብሓደ ስጡም ኤርትራዊ ድምጺ። እታ ብተበራረ ዝተረግጸት ሃገር ሳላ ዝተኸፍለ ዋጋ እንሆ ከቢራ። ክብርን ሞጎስን ንቶም ነዚ ሰላም ዘግዘሙና ሰማእታት! ዓወት ነዚ መስመሩ ከይበተኸ፡ ኣብ ሓለዋ ሃገሩ ከይተታኸሰ ወፊሩ ዘሎ ጅግና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ!

ሓሳባት

## ጽልኢ ተጸሊኡኒ

ሩት ኪሰሪ

ድሕሪ ነዊሕ እዋን ዝተጸንበሩዎ ጉደና፡ ኣሳጉማ ኣእጋረይ ዝቖጽር ዘለኹ ክሳብ ዝመስል፡ ብዘገምታ ዓቕብ ዛዚመ ናብቲ ሰጣሕ ጽርግያ ኣበልኩ። ብቕድመይ ዝፈልጦ መልክዕ ርኣኹ፡ ውሽጠይ ግን ሕርቃና ክትገልጽ ደለየት። እንተ ኣነ’ሞ፡ ነፍሲ ወከፍ ዝሓለፍኩዎ ምዕራፍ ዝቛጸርኩዎ ዝኽሪ ኣሎ። ብሳላኦም ዘስተማቐርኩዎ ምቁር ግዜያት እምበር፡ ብሰንኮም ዝኾንኩዎ ኣይተዛኻኽረኒ።

“ኣለሊኺዮዶ፧ እቲ ትማሊ ንኸይትዕወቲ ኣብ ቅድሜኺ ደናጉላ ዘቐመጠ’ዩ።”

“እወ፡ ሳላ ዘንበረ’ኳ ጸሪበ ገዛ ሰሪሐሉ።”

“ከመይ ገይርኪ ሰላም ትብልዮ፧ ‘ዝደለኺዮ ሕተቲ፡’ ኢሉ ዝጠለመኪ እንድዩ።”

“ፈሊጠ፣ ሳላ ኣብ ቃሉ ዘይምጽንዑ ጠቒሙኒ። ህልኸኛ ጉረቤት ንብረት ከተጥሪ’ዩ ዝሕግዘካ።”

“ድሓን ኣለኪ፧ ሓቢርኩም ንኽትሰርሑ ዘዕለልክዮ ዛንታ፡ ብስሙ ገይሩ ዝተጸወዓላኺ፧”

“ቃላትካ እንተ ዘይቑጢብካዮም ዋናታቶም ካልኦት ምኻኖም ዝምሃረኒ ንሱ’ዩ።”

“‘ሰላም ክብሎ’የ፡’ ጥራይ ከይትብልኒ፧ እቲ ብዓወት ኣመኻንዩ፡ ‘ንመዓስ ክኾነኪ’ዩ? ጓልነትኪ ተጠቀምሉ፡’ ኢሉ ብጾታኺ ዝፈተነኪ’ኳ’ዩ።”

“ኣውራ እምበር እዚ ሰላም ይብሃል። ምስቲ ዘይፈለጥኩዎ ውሽጠይ’ዩ ኣላልዩኒ።”

“ንሕትመት ከይትሓስቢ ‘ስርሓትኪ ጥበብ ይጐድሎ’ዩ፡’ ኢሉ ዝነዓቐኪ። ሕልምኺ ቀቲሉ፡ ተስፋ ንዘቕረጽኪ፡ ረጊጽክዮ ሕለፊ።”

“ኣይውዕሎን፣ ዝፈልጦም ሓንቲ ጺሒፍካ ንኽትደግም ዘተባብዑ ኣርካናት ጥበብ፡ ዝነበረካ ዘጥፉኡ ‘ሰብ ጥበብ’ ከም ዘለዉ ዘርኣየኒ፡ ካልእ ተተረፈስ ንሱ ክገብሮ ዘይክኣለ’የ ዝገበርኩ። ከም ሕማቕ’ሞ መዓስ ሓሚቐ። ዕድመን ጥዕናን ጥራይ ይሃቦ።”

“መገዲ ንቐይር፣ ስጋኺ ኣይብላዕ፡ ቁርበትኪ ኣይንጸፍ ሕምይ ከሪምክስ።”

“ሰላም ክብሎ’የ። ንዕኡ ማዕረ ክንደይ ኣገዳሲት ሰብ ምኻነይ ኣርእዩኒ’ዩ።”

“ይመጽእ ኣሎ፣ ሕማቕኪ ንዝተመነየ ከይትገድፍዮ ኣዋርድዮ።”

“ልሳነይ ጥዑም ይዛረበሉ እምበር ኣይተፍኣሉን።”

“ከም ዝበደለኪ ዝርድኦ ኣይመስለንን። ብዝፈትዎም ምጽእዩ። ‘ኣቦኻ ንዝቐተለልካ ንወዱ ቊማር መሃሮ፡’ እኳ ዝብሃል።”

“ውድቀቱ ክርኢ ነቒሐ ኣይሓድርን። ዝገበሩኒ ክገብር ከኣ ዓዲ ኣየጋብር።”

“ኩሉ ይትረፍ’ሞ ብህይወት ንዝፈተነኪ፧”

“ሃይማኖት ምኽታል ኣኻሊ ከም ዘይኮነ፡ ምስኡ ምንባር’ውን ከም ዘድሊ ብኡኡ እየ ፈሊጠ።”

“ገለ ጸገም ገይርኪ ኣለኺ፣ ከመይ ገይርኪ ሰናዩ ትምነዩ፧”

“ብዝሃለወ መጠን ከምኡ ገይሩ ንዓወተይ ዘስተማቕሮ የለን።”

“‘መባእስትኻ ለባም ይግበረልካ፡’ ድዮም ዝበሉ ኣቦዋት። ለቢመ፡ ዋላ ብሰባት ከም በሃም ይቑጸረለይ፡ በቃ ዕሸሽ ምባል መሪጸ።”

“‘ምጽማምካ ዘይርድኦ ሰብ ደጋጊሙ ክብድለካ ይኽእል እዩ። ሕድገት ምግባር ጽቡቕ’ኳ እንተኾነ እንታይ ከም ዝገደፍካ ዘይምንጋር ግን ስንፍና’ዩ፡’ ድዩ ዝበለ ኣኽሊሉ ተሰፋጽዮን። ሰላም ምድላይኪ ዘይተሰቑረኪ ከይመስሎ፡ ምሕረት ገይርኪ እምበር ከም ዝተጐዳእኪ ኣፍልጥዮ።”

“ገርሂ እምበር ዓሻ’ኮ ኣይነበርኩን። ‘ሓያል ሰብ ጸላእቱ ናብ ፈተውቱ ዝቕይር’ዩ፡’ ዝሰማዕኩዋ ብሂል ኪንዮ ብጉልበት ብኣእምሮ ክሕይል ከም ዘሎኒ ኣፍሊጣትኒ። ቁሪጻ ከኣ ተላዒለ። እቲ ምንታይ ኣብ ህይወት፡ ሕማቓት ሰባት ቊስሊ’ዮም ዝገድፉልካ፣ ምርጫ ግን ኣባኻ’ዩ። ሓኺኽካ በሰላ ምግዳፍን ፈዊስካ ከም ቀደምካ ምንባርን። ከም ዝጠፈሸ ነጋዳይ ኣብ ሕሉፍ መዝገባተይ ኣይነብርን። ነዛ ሓንሳብ ትፍጠር ነብሲ፡ ብቒም፡ ሕነ ምፍዳይ፡ ከሳቕያ ኣይወርደለይን። ‘ቂም ምሓዝ ማለት፡ ስሚ ሰቲኻ እቲ ተቐይምካሉ ዘለኻ ሰብ ክሞተልካ ምጽባይ’ዩ፡’ ድዩ ዝበለ መምህረይ፣ ነብሰይ ኣፍቅራ’የ። ኣብ ኩሩምተይ ዝቓቕሮ ኮነ ኣብ ልበይ ዝዓቑሮ የብለይን። ሐሕማቑ ገዲፈ ጸጽቡቑ ክዝክር ይቐለኒ። ንኽሕሽኒ’የ ‘እህ’ ዘየድምጽ።

# መዘነዪ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## “ገንዘብ ሓጎስ ኣይገዝእን” - ቢልዮነር ኤሎን ማስክ

ኣስታት 800 ቢልዮን ዶላር ርእሰ ማል ዘውንን ኣብ ዓለም ዝሃብተመ ኤሎን ማስክ ኣብ ኢክስ ኣብ ዝጸሓፎ ሓጺር ጽሑፍ፡ “ገንዘብ ሓጎስ ኣይገዝእን እዩ” ዝብል እዩ። “ገንዘብ ሓጎስ ኣይገዝእን’ዩ ዝበለ ሰቡ ብዙሕ እንታይ ይሃርብ ከም ዘበረ ብሓቂ ይፈልጥ ነይሩ እዩ” ክብል ከኣ ገሊጹ። እዚ ቢልዮነር ዝሃቦ መግለጺ መቸም ኑቲ “ገንዘብ ሓጎስ ደስታ ኣይገዝእን’ዩ” ዝብል ኣበሃህላ ዘድግፍ እዩ።

ገለ ሰዓብቱ ንሓሳቡ ብምድጋፍ “ካብ ሃብቲ ሰላም ይበልጽ” ክብሉ ከለዉ፡ ገለ ድማ “እቲ ገንዘብካ ሃበና እሞ ክንፍትኖ” ብምባል እዩም ግብረ መልሲ ሂቦሙ። ትጽቢትን ክውንነትን ካብ ገንዘብ ዝርከብ ሓጎስ ይፈላለ እዩ። ብዙሓት ሰባት ገንዘብ በይኑ ሕጉሳት ክገብሮም ልዑል ትጽቢታት የንብሩ እዮም። ብገንዘብ ሃብታም ምዃን ምቹትን ውሑስነትን ዝህብ እኳ እንተኾነ እቲ ሓቀኛ ሓጎስ ግን ክሳብ ክንደይ ትርጉም ዘለዎ ዝምድናታት ፈጢርካ ትነብር ኣለኻ’ዩ ዝውስኖ። ብዙሕ ገንዘብ ይሃልኻ ኣይሃልኻ ንስምዒታዊ ጥዕናኻ ኣይቅይሮን እዩ። ብርግጽ ገንዘብ ኑቶም ምስ ገንዘብ ዝተኣሳሰሩ ጸገማት ይፈትሖም እዩ። ሰባት ምስ ሃብተሙ ብገንዘብ ዝርከብ ሓጎስ ይውሕዶም እሞ እቲ ዝነበረ ትጽቢታት ንኽየማልኡ ብኻልእ ክረኽብዎ እዮም ዝፍትኑ ወይ ሃሰው ዝብሉ። ሰባት ምስ ሃብተሙ ምስ ዓርከ መሓዛን ሰድራቤቶምን ዘሕልፍዎ ዝነበሩ ግዜ ይውሕድ እሞ ምስ ግዜ ካብ ሰብት ናይ ምንጻል ዝለዓለ ተኽእሎ ኣለዎም። ካብ ሰብት ምስ ተገለሉ ድማ ንኣካላውን ንስነኣእምሮኣውን ሕማማት ቅሉዓት ይኾኑ፡ ከም ሳዕቤኑ ከኣ ስምዒት ጽምዋ ክስምዖም ይርአዩ።



ደቂ ሰብ ንገዛእ ርእሶም እንተ ፈሊጦማ እዮም ንሓጎስ ክረኽብዎ ዝኽእሉ፡ ሓጎስካ ወትሩ ኣብቲ ትውንኖ ነገራት ዝምርኮስ እንተ ኾይኑ፡ ፈጺምካ ኣይክትሕጎስን ኢኻ፡ ምኽንያቱ ድልየታት ደቂ-ሰብ ስለ ዘይውዳእ፡ ወትሩ ሓድሽ ትደልዮ ነገር ኣይሰኣንን እዩ፡ ስለዚ ቡቲ ዘሎካ ንምሕጓስን ብውሕልኑት ንምጥቃሙን ክትመሃር ኣሎኻ፡ ንኡበሸኻ ብመጠን ዘለዋ ትሕዞ ትልክዕ እንተ ኾንካ፡ ገንዘብ ኣብ ዘይብልካ እዋናት ከተኳእሶ ግድን እዩ፡ ገንዘቡ ንብዙሓት ደቂ ተባዕትዮ ርእሱ ተኣማንነት እዩ፡ ገንዘብ እንተ ዘይብሎም ርእሰ ተኣማንነቶም ዘጥፍኡን ካብ ሰባት ዝኽወሉን ውሑዳት ኣይኮኑን፡ እዚ ከኣ እቲ ዝዓበየ ጸገም እዩ፡ ብገንዘብ ጥራይ ርእሰ ተኣማንነት ንፈጥር እንተ ኾንና፡ ብሉጽ ሰብኣዊ መንነት የብልናን ማለት’ዩ፡

ልክዕ’ዩ ገንዘብ ንኽንነብር ገለ ካብቶም ኣገደስቲ ረቛሒታት እዩ፡ ስለ ዝኾነ ከኣ ንምርካቡ ብዙሕ ማስዋእቲ ንኸፍል ኢና፡ የግዳስ ኣብኡ ምሕር ኣምልኾ ክህልወና ኣይግባእን፡ ኣጠቓቕማኡ እንተ ፈሊጥካዮ፡ ጠቓሚ መሳርሒ ክኸውን ይኽእል’ዩ፡ ብዓቢኡ እንተ ዘይተጠቒምካሉ ግና ክጕድኣካ ከም ዝኽእል ዘጠራጥር ኣይኮነን። ገለ ሰባት ደድሕሪ ሃብቲ ክጉዩ ክብሉ ኣዕሩኽቶም፡ ምስ ስድራቤቶም ዝነበሮም ርክቡ ኑብሱ ክብርዎ... ሰዊኦም’ዮም። ልዕሊ’ቲ ገንዘብ ንምእካብ እተጥፍኦ ግዜ፡ ሰብኣዊ መንነትካ ንምህናጽ ክትቃለስ ኣገዳሲ እዩ፡ ብድሕሪኡ ንሰባት ኢልካ ትነብሮ ህይወትን ትኽደኖ ክዳንን ኣይክህልወካን እዩ፡ ዘሎካ ትሕዝቶ ብዘየገድስ ንኡበሸካ ክትፈትዋን ከተኽብራን ትኽእል፡ ምናልባት ሓደ ሰብ ገንዘብ ረኺቡ ጥዕና ይስኣን ይኸውን፡ ኑቲ ናትካን ናቱን ዘሎ ሃብቲ ብዋጋ ከተወዳድሮ እሞ ፈትን ኩሉ ዘለዎ ሃብቲ ኣክቡ’ውን ጥዕና ክረክብ ኣይክእልን። ስለዚ ኑበሸኻ ዚያዳ ሓጎስ ክስምዓ እንተ ደሊኻ ካብቲ ዝዓበየ እቲ ዝደቀቐ ዘለካ ንኻልኦት ግን ዘይተዓደለም ነገራት ክትቆጽር ጀምር። ሽዑ ንሽኻ ዚያዳ ካልኦት ዝሃብተምካን ዝበለጽካን ምዃንካ ክበርሃልካ እዩ። እቲ ዘርም ግን ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ “ገንዘብ ሓጎስ ክገዝእ ኣይክእልን’ዩ ዝብሉ ሰባት፡ እቶም ሓጎስ ኣበይ ከም ዝግዝእ ዘይፈልጡ’ዮም” ክብል’ዩ ዝምጉት።

## ንብዓል ቤታ ንምውጻእ ዋጋ ዝኸፈለት ጓለንስተይቲ

ሚሸል ቫውጆር ኣብ 1985 ኣብ ፓሪስ ፈረንሳ ንሓንቲ ባንክ ስለ ዝዘመታን ንገለ ኣባላት ናይታ ባንክ ክቐትሎም ስለ ዝፈተነን ን18 ዓመታት ክእሰር ተፈሪዱ። ኣብ ‘ደላ ሳንቴ’ ዝበሃል ቤት ማእሰርቲ ከኣ ብጽኑዕ ተኣሲሩ። ብዓልቲ ቤቱ ናዲን እቲ እተፍቅሮ ብዓል ቤታ ምእሳሩ ብዙሕ’ኳ እንተገሃያ፡ ከመይ ኣቢላ ካብ’ቲ ቤት ማእሰርቲ ከም እተውጽኦ ክትሓስብ ጀመረት። ኣብ ሓደ ምብራር ሄሊኮፕተራት ዝምህር ቤት ትምህርቲ ተመዝጊባ ንገለ ኣዋርሕ ትምህርቲ ምብራር ሄሊኮፕተር ቀሰመት። ድሕሪ’ቲ ዝወሰደቶ ስልጠና፡ ካብ ሓደ ትካል ሄሊኮፕተር ተኻርያ ኣብ 26 ግንቦት 1986 ቅድሚ ቀትሪ ሄሊኮፕተር ሒዛ ናብቲ ብዓል ቤታ ዝርከቦ ቤት ማእሰርቲ ኣምርሐት።

ናዲን ኣብ’ቲ ቤት ማእሰርቲ ዘንበየት። ሚሸል ቫውጆር ከኣ ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ዝሰርሓ ናይ ሓሶት ሽጉጥ ሒዙ ንኣባላት ፖሊስ እናፈራርሐ ናብ ናሕሲ ገጹ ደየበ። ናዲን ገመዳዊ መደያይቦ (ኣሰኻላ) ምስ ዘርግሐትሉ፡ ሚሸል ብገመድ ተሓጊዙ




ናብ’ታ ሄሊኮፕተር ደየበ። ሓለውቲ ናይ’ቲ ቤት ማእሰርቲ ብማይክሮፎን ዓው ኢሎም ንናዲን ተግባራታ ክተቋርጽ’ኳ እንተ ሓበሩዋ፡ ንሳ ግና ንብዓል ቤታ ክሳብ እተውጽኦ ኑታ ሄሊኮፕተር ኣዘንበየታ። ምስ ደየበ ኩኡ ሒዙዎ ተዓዘረት። ኑታ ሄሊኮፕተር ብምዕሻግ ኩኡ ክልቲኦም ኣብ ፓሪስ ተሓብኡ።

እዞም መጻምድቲ ኣብ ፓሪስ ንሰለስተ ኣዋርሕ ምስ ተሓብኡ፡ “ኣመል ምስ መግዘዝ” ከም ዝበሃል ሚሸል ቫውጆር ከም እንደገና ኣብ ካልእ ባንክ ክሰርቕ ምስ ኣባላት ፖሊስ ብዙየደዶ ምልውዋጥ ተኹሲ፡ ርእሱ ተሃርመ። ዕድል ገይሩ ግን ኣይሞተን። ብፖሊስ ተታሒዙ ከኣ ብጽኑዕ ተኣሲሩ። ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ካብ ቤት ማእሰርቲ ምስ ወጽአ ሚሸል ቫውጆር፡ ብዙሓ ፍቕርን ዓቕልን እትተርኽ ንታሪኽ ህይወቱ እትድህስስ መጽሓፍ ጽሒፉ ደርከበ፡ ንናዲን ብዙሓት “ሓቀኛን ተባዕን” ኣፍቃሪት ብምባል እዮም ዝገልጽዋ።

## ፍትሕ 77 ዓመት ኣብ ሓዳር ዝጸንሑ መጻምድቲ

ጠንቅታት ፍትሕ መጻምድቲ ብዙሓት እዮም። ጸብጻብት ከም ዘመልክቶ፡ ካብ 25 ክሳብ 32 ክሲ ዕድመ ዝርከቡ መጻምድቲ ዝለዓለ ፍትሕ የጋጥሞም። ኣብ 2011 ኣብ ዓዲ ጥልያን ዘጋጠመ ፍትሕ መጻምድቲ ግን ካብ’ዚ ፍልይ ዝበለ እዩ። ፍትሕ ወዲ 99 ዓመት ኣንቶንዮን ጓል 96 ዓመት ሮዛን ንብዙሓት ሰባት ኣሰንቢዱ እዩ። እቶም ክልተ መጻምድቲ ን77 ዓመት ዝኣክል እዮም ኣብ ሓዳር ብሓደ ጸኒሖም። ኣቶ ኣንቶንዮ ኣብ 2011 ዝኾነ ሰብ ዘይተጸበዮ ሃንደበታዊ ውሳኔ እዩ ወሲኑ። ንሱ ድማ ምስታ ንልዕሊ 3 ርብዒ ዕድመኡ ምስኡ ዝነበረት ብዓልቲ ቤቱ ክፋታሕ።



ጠንቂ ናይቲ ፍትሕ፡ ብዓልቲ ቤቱ ሮዛ ኣብ 1940ታት ንኻልእ ሰብኣይ ዝጸሓፈታ ፍቕራዊት ደብዳበ እያ።

ኑታ ደብዳበ ድሕሪ 62 ዓመት እዩ ኣንቶንዮ ረኺቡዋ። ኣንቶንዮ ኣቐዲሙ’ኳ ምስ ብዓልቲ ቤቱ ፍሕፍሕ እንተጸንሖ ቀንዲ ጠንቂ ፍትሖኦም ግን እታ ሮዛ ንኻልእ ሰብኣይ ዝጸሓፈታ ፍቕራዊት ደብዳበ እያ። እዞም ኣብ 1934 ዝተመርዓዉ መጻምድቲ ደቆምን ደቂ ደቆምን ዝረኣዩ እዮም። ሮዛ ዳምጋይ ክሓስበሉ’ኳ ንኣንቶንዮ እንተ ተማሕጸነቶ፡ ኣንቶንዮ ግን ፍትሕ እዩ መሪጹ። ኣብ ሮማ ከኣ ብወግዒ ተፈላልዮም። ካብቶም ዝተፋትሑ ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት ኮይኖም ድማ ተመዝጊቦም ኣለዉ። ኣብ ገለ እዋን ሕሉፍ ኢልና ንሓስቦ ኣብ መወዳእታ ዕድመ ወይ ሽምግልና ክይተረፈ ሸግር ከም ዘምጽእ ካብ’ዛ ዛንታ ምርዳእ ይከኣል።

## ብዋሕዲ ደቂ ተባዕትዮ ትሳቐ ሃገር

ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኤውሮጳ እትርከብ ላቲቭያ፡ ኣብ ዓለም ዝለዓለ ዘይምዕሩይነት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዘለዋ ሃገር ኮይና ተመዝጊባ ኣላ። እዚ ሕጽረት ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ፍቕራዊ ህይወት፡ ኣብ ሓዳርን ማሕበራዊ መዳያትን ናይታ ሃገር ዓቢ ጸቕጢ ኣሰዒቡ ይርከብ።

ኣብ ላቲቭያ ቁጽሪ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ብኣስታት 8 ሚእታዊት ይዛይድ። እዚ ዘይምዕሩይነት ኣብ መንእሰያትን ማእከላይ ዕድመን ዝርከቡ ዝርአ ኮይኑ፡ ደቂ ኣንስትዮ ከም’ቲ ዝደልያኦ መጻምድቲ ንምርካብ ዓቢ ጸገም ከም ዘለወን ይንገር። እቲ ጠንቂ



ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ብዘጋጥም ልዑል መጠን ሞት ምኻኑ ክኢላታት ይገልጹ።

ናይ’ዚ ቀንዲ ምኽንያታት ድማ ካብ መጠን ንላዕሊ ኣልኮላዊ መስተ ምውሳድን ወልፊ ምትካኽ ሽጋራን ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ላቲቭያ ብሰፊሑ ይርአ።

ቁጽሪ ናይቶም ብሕማም ልብን ካልእን ዝሞቱ ደቂ ተባዕትዮ ልዑል እዩ። እቲ ጸገም ዋሕዲ ደቂ ተባዕትዮ ንብዙሓት ዝተማህራን ዕዉታትን ደቂ ኣንስትዮ ላቲቭያ መጻምድቲ ንምርካብ ካብ ወጻኢ ሃገራት ክደልያ ኣገዲዱወን ይርከብ።

መንግስቲ ላቲቭያ ጥዕናን ኣካቡራን ደቂ ተባዕትዮ ንምምሕያሽ ዝተፈላለዩ ፖሊሲታት እኳ እንተሓንጸጸ ክሳብ ሕጂ ግን ኣብ ምዕሩይነት ክልቲኡ ጾታ ርኡይ ለውጢ ኣይተረኽየን ዘሎ።

## መልሲ ዝተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ግ | ል | ባ | ጥ | | መ | ላ | ግ | ብ | | እ | ወ |
| ህ | | ህ | ር | ኩ | ት | | ለ | ስ | ን | | |
| ሰ | ተ | ታ | | ሕ | ል | ፎ | ት | | ዓ | ድ | ግ |
| ት | ም | | ቍ | ሊ | ሕ | | | መ | | | ላ |
| | ሪ | ሓ | ን | | | ዘ | ል | ኣ | ለ | ማ | ዊ |
| መ | | ን | ጣ | ብ | | ር | | ረ | ሰ | ነ | |
| ር | | ካ | ሮ | ት | | ግ | | ሚ | | ም | ስ |
| ሓ | ራ | ስ | | ብ | ል | ሓ | ት | | ቡ | ን | |
| ባ | ህ | | ሰ | ዓ | በ | | | ባ | ና | | ማ |
| | ያ | ታ | | ት | ስ | እ | ን | | ዊ | ስ | ኪ |
| ሰ | | ክ | ሊ | | | ል | ሳ | ን | | ጋ | ና |
| ፈ | ል | ሲ | | ጥ | ል | ፊ | | ሱ | ማ | | |

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ዑደት ማሕበር ጀማሂር ሳሕል ኣብ ሳሕል

ሪፖርታዥ

መሓመድ እድሪስ መሓመድ
ስእሊ- ኣኽሊሉ ዘርእዝጊ

ብ 30 ጥሪ 2026፣ ኣባላት ማሕበር ጀማሂር ሳሕል፣ ታሪኽ ንምስናድን ኩነታት ህዝቡ ንምዕዛብን ንሕድሕዱ ንምርኻብን፣ ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ብምትእኽኻብ፣ ናብቲ ካብ መፋርቕ 70ታት ከም መሳርዕ ዝተመስረተሉን ክሳብ እዋን ስትራተጂካዊ ምዝላቕ 1979 ዝዓስከረሉን ናሮ-ኣንስ ብፍላይ ድማ ምፍግር-ገሊል ዝዓለመ ዑደት ኣካይዱ።

እዮም ኣብ ኣስመራ ዝቕመጡ ኣባላት ማሕበር ሰዓት 5፡30 ወጋሕታ ብሚኒስትሪ ምክልኻል ዝተዋህቡዮም ኣውቶቡስ ተሳፊሮም ናብ ኣፍዓበት ነቒሎም። እዚ ዑደት'ዚ ዓመታዊ ዝበዝሐ ክፋሉ ናብታ ትእምርቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነት ናቕፋ ይገብሩዎ'ኳ እንተነበሩ ሓሊፎም ናብቲ ጀማሂር ኣብ እዋን ገድሊ ዓስኪሩሉ ዝነበረ ካልእ ከባቢታት'ውን ይገሹ'ዮም። ዕላማ ናይቲ ዝገብሩዎ ዑደታት ድማ ምስቲ 'ሓፋሽ ይንቃሕ፣ ይወደብ ይተዓጠቕ' እናበሉ ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ግንባር ከምዝወደብ ዝገብሩዎ ዝነበሩ ቃልሲ ኣብ እዋን ናጽነት ንምዝኽርን ንምውራስን ኮይኑ፣ ምስ'ቲ ኣብ እዋን ቃልሲ ታተ እናኣበለ ዘዕበዮም ሓፋሽ ህዝቢ እናተራኸቡ ዝኸርታቶም ዘሐድስሉን ግጅ ንግጅ ዝራኸቡሉን ኣጋጣሚ'ዩ።



ለሚ ዘበን ናብ ናሮ ኣብ ዝተበገሱሉ እዋን፣ ኣባላት ማሕበር ኣብ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዘሎ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ምስ ተጠርነፉ'ዮም ከይደንጐዩ ናብቲ ኣስታት 180 ኪሎሜተር ርሒቑ ዝርከብ ናሮ ዝነቐሉ። ሰሓቕን ዳእላን ከምኡ'ውን ኑቲ ዝበሉ-ገድሊ ዘዘኻኽር ሰውራዊን ሃገራውን ደርፍታት እናስተማቕሩ ድማ ካብ ደጋ ናብ ወይና ደጋ ብምንቅልቃል ከተማ ከረን በጽሑ። ኑዮም ኣብ ከረን ዝነበሩ ኣባላቶም ወሲኾም ድማ ናብቲ ፍረ-ናጽነት ዝኾነ ኮሌጅ ሓመልማሎ በጽሑ። ምዕባለ ናይቲ ኮሌጅ እውን እናተዘዋወሩ ተዓዘቡዎ። ዲን ናይቲ ኮሌጅ ፕሮፌሰር ወልደኣምላኽ ኣርኣያ ዝርከቦም ኣባላት ምምሕዳር፣ ናይቲ ኮሌጅን ክፍልታቱን ኣብርክቶኡን መብርሂ ምስ ተወሃቦም፣ ድሕሪ ቁርሲ ኣብቲ ቦታ፣ ጉዕዞኦም ናብ ኣፍዓበት ቀጺሉ።

ኑታ ድሕሪ ናጽነት ዝተደኮነት ሓውሲ ከተማ ሓመልማሎ ሓሊፎም ሩባ ዓንሰባ ተሳጊሮም፣ ኣብ እዋን ከበባ ናቕፋን ድሕሪኡ ኣብ እዋን ምዝላቕን ደማዊ ኩናት ዝተኻየደሉ ከበቢ ግንፈሎም ገይሮም ብኸሰድ ማስሓሊት ናብ ምምሕዳር ከበቢ ግዞዞ ቅድሚ ምሕላፎም፣ በቲ ኣብ እዋን ምድምሳስ እዚ ናደው ክፍለሰራዊት 52 ድብየ ዝነበረሉን መስተንክር ዝፈጸመሉን ኣብ ክሳድ ማስሓሊት ተተኺሉ ዘሎ ሓወልቲ



ሓሊፎም ድማ ጉዕዞ ናብ ኣፍዓበት ቀጺሉ። ክሳብ ከተማ ኣፍዓበት ዝኣትው፣ ኑቲ ኣብ መንገዶም ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናሰሰነን እናሰፍሐን ካብ ዓድታት ናብ ሓውሲ ከተማታት ዝዓቢ ዘሎ ዓድታት ብፍላይ ድማ ግዞዞ፣ ቅላመት ፊልኮት እናበሉ ኑዮም ምስኦም ዝተማልኡዎም፣ ንሳሕል ዘይፈልጡ ወረስቲ ሕድሪ ደቆም፣ ኑቲ ቦታታት ምስ ታሪኹ እናኣላለዩ'ዮም ኣፍዓበት ዝኣተዉ።

መቸም እቲ ዑደት ኣብ ታሪኻዊ ቦታታት ሳሕል፣ ኑቲ ሕሉፍ ህይወት ተጋዳላይን ካብ ጎድኑ ዘይተፈልየ ሓርበኛ ህዝቢ ሳሕልን ዘዘኻኽሮዩ ዝነበረ። ኣፍዓበት ሓሊፎም ብኸሰድ

ዳሾርም ናብ ክበክብ ክንቁልቀሉ ከለው፣ ናብ'ቲ ኣብ መጋቢት 1988 ኣብቲ ቦታ ዝተፈጸመ ጅግንነታዊ ስርሒት ብዘኽሪ ተመሊሶም። ኑቲ ግና ህያው ምስክር ታሪኽ ክሃብ ኣብቲ ከበቢ ዛሕ ኢሉ ዘሎ ኣሰራት እናተዓዘቡ ድማ ኑዮም ካብ ኣስመራ ዝተማልኡዎም ደቆም ታሪኽ እናዘንተዉ ናብ ቃምጨዋ ቀጺሉ።

ክበክብ ካብ ታሪኻዊ ቦታታት ሳሕል ሓንቲ ኮይና፣ ኣብ 1967 ብስርዓት ሃይለስላሰ ምስ ተቓጸለት፣ ድሕሪኡ

ህይወት ኣይነበራን፣ ተቐማጦኣ ፋሕ ጭንግራሕ ኢሎም ክነብሩ ድሕሪ ምጽናሕ፥ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ሓደ ቦታ ተጠርኒፎም። ብመንግስቲ ዘድሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ከም ትምህርቲ፣ ማይ ከምኡ'ውን መሬት ሕርሻ ተዋዲዱሎም ድማ ኑዮም ብዜካ ገስት ካልእ መነብሮ ዘይነበርም ህዝቢ ናይ'ቲ ከባቢ፣ ኣብ ገማግም ሩባ ሞጋዕ ልምዓት ጀራዲን ከም ዝለምዱ ዝተገበረሉ ከባቢ'ዩ። ለሚ ተቐማጦ ክበክበን ናሮን ኑቲ የማጉጺጋም ሩባ ሞጋዕ ዘሎ ዱር ዓዳይ ናብ ጀራዲን ቀዪሮም፣ ሞቶራት ማይ ጃጅ እናበሉ ዝተፈላለየ ኣሕምልትን ፍረታትን ከፍርዩን ክሓፍሱን ክትርኢ፣ እዚ'ውን ፍረ ናጽነት፣ እታ ናጽነት ድማ ፍረ ቃልሲ ምዃና ኣይትስሕቶን። እዮም ካብ መፋርቕ ሰበዓታት ኣብዚ ከባቢ'ዚ እናተቀሳቐሱ ኣብ ምውዳብ ህዝቢ ዝጸንዑ ዝነበሩ ናይ ትማሊ ኣንቃሕትን ወደብትን ናይ ለሚ ድማ በጻሕትን ታሪኽ ትማሊ ኣውረስትን ኣባላት ጀማሂር ሳሕል "እንቋዕ ዝ ረኣና" እናበሉ'ዮም ጉዕዞኦም ናብታ ኣብ እዋን ቃልሲ ኣሰር ዘይነበራ ለሚ ግን ናብ ሓውሲ ከተማ ትምዕበል ዘላ ቃምጨዋ ዘምርሑ።

ተቐማጦ ቃምጨዋን ኣብኡ ዝጸንሑ ኣባላት ማሕበር ጀማሂርን ድማ ኑዮም ካብ ኣስመራ፣ ከረን፣ ጋሽ ባርካ፣ ኣፍዓበትን ናቕፋን ተኣኻኺቦም ኣውቶብስን ካልእ ንኣሽቱ መካይንን ኣኺቲሎም ዝመጽኡ ክቡራት ኣጋይሾም ክቕበሉ፣ ካብ ቃምጨዋ ወጻኢ ኢላ ዘላ 'ቀጣሪት' ኣብ እትበሃል ቦታ፣ ድሙቕ ኣቀባብላ ምስ ገበሩሎም፣ እዮም በጻሕትን ተቐበልትን ንሓጺር ግዜ ተሓዋዊሶም "እንቋዕ ደሓን መጻእኩም፣ እንቋዕ ደሓን ጸናሕኩም" ድሕሪ ምብህሃልን ምስዕዓምን፣ ጉዕዞኦም ናብቲ ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ስወእ ዓብዱሩሕማን ሓጂ ተዳልዩ ዝነበረ ቦታ ቀጺሉ።

ኣብ ቃምጨዋ፣ ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ኣሕመድ መሓመድኑር ረጀብ፣ ኑዮም ኣባላት ጀማሂር ነበር "እንቋዕ ደሓን መጻእኩም" ድሕሪ ምባል፣ ኣሰዒቡ "ማሕበር ጀማሂር ሳሕል ኣብቲ ትማሊ 'ሓፋሽ ይንቃሕ፣ ይወደብ፣ ይተዓጠቕ' እናበሉ ኣብ ምንቃሕን ምውዳብን ህዝቢ ንእሱዮም ዝሕለፉሉ ከባቢ ናሮ ኣንስ ምምጻእኩም እንቋዕ ኣሓጐሰኩም። እዚ ቦታ እዚ ቦታ ገድልን ጸገማትን ቦታ ጅግንነትን ዓወትን ዝነበረ'ዩ። ኣብ እዋን

ምድምሳስ እዚ ናደው፣ ኣዘዝቲ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፣ ቅድሚ'ቲ መጥቃዕቲ፣ 'ለሚ ተኣኪብናሉ ዘሎና ሓመድ ደብ ናደው'ዩ፣ ለሚ ሰብ ምስ ሰብ ወይ ሓጺን ምስ ሓጺን ዘይኮነ ሰብ ምስ ሓጺን ዝራጸመሉ ወሳኒ ግጥም ክካየድ'ዩ ዘለሉን ኑቲ ዘለኩዎ ኣብ ግብሪ ዝተርጎሙሉን ታሪኻዊ ከባቢ'ዩ። ስለዚ እንቋዕ ምስቲ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ዝተቓለስኩምሉ ቦታን ህዝብን ገጽ-ንገጽ ተራኺብኩም" ክብል ገሊጹ።

ድሕሪ'ዚ ኣባላት ማሕበር ጀማሂር ሳሕል፣ ምልእ ምሸት ንታሪኽን ጅግንነትን ዝገልጽ ብመደረታትን ግጥምታትን ዝተሰነየ መደብ ምዘናጋዕ ኣካይዶም። ንጽባሒቱ ዕለት 31 ጥሪ ወጋሕታ ድማ ናብቲ ሃንቀው ኢሎም ዝጽበዩዎ ዝነበሩ፣ ናብቲ ካብ መፋርቕ 70ታት ክሳብ እዋን ምዝላቕ 1979 ዓስኪሮምሉ ዝነበሩ፣



መዓስከር ምፍግር-ገሊል ኣንፈቶም ነቒሎም። እዮም ጉዳይም ሓርበኛታት፣ ኑቲ ህዝቢ ኣንቂሖምን ወዲቦምን ጥራይ ዘይኮነ ህዝባዊ ባይቶታትን ህዝባዊ ሚሊሻታትን ዝመስረቱሉን ፋሕ ኢሉ ዝነበረ ዓድታት ዝጠርነፉሉን ኣብ ትሕቲ መሬትን ዱር ዓዳይን ዝተሰርሐ ግዘውቲ፣ ኑቲ ኣኼባታት ዝገብሩሉ ዝነበሩ ዓበይቲ ኣግራብ ጋጥን ዓላን፣ ኑቲ ሰፊሕ ሩባን ኣብ ዙርያኡ ዘሎ ኩርባታትን . . . ብሓፈሻ ኑቲ ከምዚ ለሚ ጸጉሮም ጠጥ ከይመሰለን ከይተመልጠን ግና መንእሰያት ከለዉ ሰፈሮም ዝነበረ ቦታ እናተዘዋወሩ ብምዕዛብ፣ ኑዮም ናብ'ቲ ማሕበር በብእዋኑ ዝጥርነፉ ዘለዉ ንኣሽቱ ወለዶ ታሪኽ ኣካፊሎም።

ድሕሪ እዚ ናብቲ ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ዝተዳለወ ዳስ ተመሊሶም፣ ታሪኽ ናይ ምዘንታው መደቦም ብቕደም-ተኸተል ቀጺሉ። እዮም ኣብ ውሽጢ.ማስመር.ጸላኢ.ኮይናምምስስለዩ፥ ሃንደሳ ኢጋር ሰራዊት ህ.ግ. ዝተሓበሩን ብዝዕባ ጸላኢ ሓበሬታ ዝሀቡን ኣብ እዋን መጥቃዕቲ መንገዲ እናመርሑ ናብ መዓስከራት ጸላኢ ዝኣትዉን ዝነበሩ ወፋያት ደቂተባዕትዮን ደቂኣንስትዮን

ብዘዕበ'ቲ ዝፍጸምዎ ዝነበሩ ቅያታትን ህዝቢ ናይ'ቲ ከባቢ ዝገበሮም ዝነበረ ምትሕብባርን ኣዘንቲዮም። እዮም ፍረ-ናጽነት ዝኾኑ ተመሃሮ ናይቲ ከባቢ ድማ ንጅግንነትን መኽተን ዝምልከት ዝተፈላለየ ግጥምታት ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ ማሕበር ጀማሂር ሳሕል ሕሉፍ መደባቱ ገምጊሙ፥ ናይ መጻኢ መደባቱ ድማ ንተሳተፍቲ ሓቢሩ። ሓደ ካብኡ፥ ንተራ ጀማሂርን ህዝብን ሳሕል ኣብ እዋን ሰውራ ዝገልጽ፥ ንወለድ ወለዶ ነብሪ ሰነድን መወከስን ዝኸውን መጽሓፍ ኣብ ምድላው ከምዝርከብ፣ መጋቢት 2027 ድማ ቡቲ ሓደ ወርቃዊ ኢዮቤል ምሕራር ከተማ ናቕፋ፣ በቲ ካልእ ድማ ብሩራዊ ኢዮቤል ምምስራት ማሕበር ጀማሂር ሳሕል ስለዝኾነ፣ እቲ ማሕበር ካብ ሕጂ ኑቲ ዝጸበዮ ዘሎ ዓቢ ታሪኻዊ ድርብ በዓላት ንምድላው

እትሃጥፍ ኮሚቴ ረቝሒሉ። እቲ ናይ ምስንዳእ መጽሓፍ ጀማሂር ሳሕል ዕማም'ውን ደሮ ተጀሚሩ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ኣብቲ ኣብ ታሪኻዊ ቦታ ቃምጨዋን ምፍግር-ገሊልን ዝተገበረ መደብ ማሕበር ጀማሂር ሳሕል፣ ብኣባላት ማሕበር፣ ብተመሃሮን ተቐማጦን ዝተዳለወ ዝተፈላለየ ናይ ግጥሚ፣ ጉታ-ገመድ፣ ጉያን ቅድድም ኣማልን ወድድራት ተኻዪዱ። ንዕወታት ድማ ብማሕበር ጀማሂር ሳሕል ዝተዳለወ መተባብዒ ሽልማት፣ ብሚኒስተር ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕንነትን ኣደ-መንበር ቦርድ ማሕበር ጀማሂር ሳሕል ወ/ሮ ልኡል ገብረኣብ ተዋሂቡ።

ኣብ መዛዘሚ ናይቲ መደብ ዑደት፣ ማሕበር ጀማሂር ሳሕል ከምቲ ሓሓሊፉ ዝገብሮ፣ ካብቲ ወርሓዊ ወጻኢቱ ኣዋህሊሉ ናብቲ ዑደት ዝገበረሉ ከባቢታት፣ ብዓቕሙ ኣበርክቶ ይገብር'ዩ። ለሚ ዘበን'ውን ኣብ ቃምጨዋ ንእትርከብ ካብ መባእታ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ እተምህር ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ስወእ ዓብዱሩሕማን ሓጂ፣ ኣብ ምትካል ገረብ ሰማእታት ዝውዕል 10 ሽሕ ናቕፋ ወፍዩ።



ማሕበር ጀማሂር ሳሕል ቅድሚ 24 ዓመታት ብኢጋጣሚ ብሩራዊ ኢዮቤል ምሕራር ከተማ ናቕፋ 2002 ኣብ ናቕፋ ዝተመስረተን ኣብዚ እዋን እዚ 170 ኣባላት ዝጥርንፍን እዩ። ኣባላቱ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዝካእሉ ወለዶ ምስሳንን ታሪኽ ምውራስን ምትሕልላፍን ካብ ቀንዲ ዕላማኡ ኮይኑ፣ ዓመታዊ ኣብ ታሪኻዊ ቦታታት ዑደት እናፈጸመ ምስቲ ኣብ ማእከሉ ዝዓበየ ህዝቢ ዝራኸብሉን ብቕዋም ማሕበራት ገድሊ ዝምእዘዝን ሓደ ካብ ማሕበራት ገድሊ'ዩ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊ ውድድር ብሽክለታ ‘ኤሪ ጁንየር’ ተኻይዱ

### ኣርሴማን ዮኤልን ድርብ ዓወታት ኣመዝጊቦም

ሰኣሊ - ክብሮም ጸሃየ

ሃገራዊ ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ማእከሎት ተቐዳደምቲ፡ ዝሓለፈ ቀዳመ ሰምበት ኣብ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ከተማ ምጽዋዕ ተኻይዱ።

እዚ ‘ኤራጁንየር’ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ናይ ዕድመ 17ን 18ን ውድድር፡ ንጽምብል ስርሒት ፈንቅል ንምድማቕ ተባሂሉ፡ ንሳልሳይ ተኸታታሊ ዓመቱ ኣብዚ ወደባዊት ከተማ ተሰላሲሉ። ክልተኦም ጸታ ከኣ፡ ናይ በርኻን ከተማን - ክልተ መድረኻት ብምጽዋዕ፣ ብዘጥሀሉልዎ ግዜን ነጥቢን ደረጃኦም ሐዚዎም። ኣብቲ ናይ በርኻ ውድድር፡ ንቕዳሞት ሰለስተ ተቐዳደምቲ ብተኸታታሊ 3፡ 2ን 1ን ግዜን (ካልኢት) ነጥቢን ዘኽስብ ክልተ ናይ ማእከል ጸወታ ቅጽበታዊ ውድድር (ኢንተርሚደይት ስፕሪንት) ተሰሪዐን ነይረን።

ኣብታ ደብና ዝዮብሰሎ ጥዑም ኩነታት ኣየር ዝበራ ዕለተ ቀዳም ዝተሰላሰለት ናይ በርኻ ውድድር፡ ደቂ ኣንስትዮ፡ ካብ ባጽዕ ተበጊሰን ጋሕቴላይ በጺሐን ብምምላስ፡ 90 ከሎሜተር ሸፊነን።

ኣብ ምኻድን ምምላስን ኣብ ማይ ኣጣል ኣብ ዝበረት ናይ ማእከል ጸወታ ቅጽበታዊ ውድድር፡ ንቐዳመይቲ - ሄርሚላ ስምኦን ካብ ጋንታ ደቡብ፡ ሰዶን ሃብቶም ካብ ሰራየር ሳዋ፡ ሮዚና ብርሃ - ደንደን፣ ንካልኣይቲ ከኣ፡ ሰዶን ሮዚናን ኣርሴማ ዓንደጼን ካብ ዓራግ ተመራሪሐን ኣትየናኦ።

ብሓፈሻ ዝምስገን ጸወታ ብምርኣይ ከኣ፡ ብጠቕላላ ኣብ ሰዓት 32 ከሎሜተር ብምህራም - ብ2 ሰዓት፡ 48 ደቒቕን 44 ካልኢትን፡ ጸወታኣን ብቐጽበታዊ ውድድር ዛዚመን። ዝሓለፈ ዓመት ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኣብ ኬንያ ኣብ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ዝተወዳደረት - ኣርሴማ ዓንደጼን ድማ፡ ኣብቲ ኣህጉራዊ ውድድር ጓል ጋንታኣ ንዝበረትን ኣብዚ ውድድር ንክሉብ ደንደን ንበይና ንዝወከለትን - ሮዚና ብርሃ በሊጻ ቀዳመይቲ ኣትያ። ናይቲ ጸወታ ብልጽቲ (ተቓላሲት) ተቐዳዳሚት ዝተባህለት ሄርሚላ ስምኦን፡ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ።

ኣብል ዓራግ - ራሄል ዑቕባይ፡ ተቐዳደምቲ ሰራየር ሳዋ - ሰዶን ሃብቶምን ዕድል ተሰፋገርግሽን ከኣ፡ ክሳብ ሻዱሻይ ዝለዉ ደረጃ ተማቒለናኦ።

በዚ ወጽኢት፡ ኣርሴማን ሮዚናን፡ ብዝተመሳሰለ ግዜ 2 ሰዓት፡ 48 ደቒቕን 33 ካልኢትን ቀዳመይቲን ካልኣይቲን፣ ሄርሚላ ከኣ፡ ክልተ ካልኢታት ተፈንቲታ ድሕሪኦን ብምስራዕ፡ ንናይ ግዜ ውድድር መራሒንኦ ናብ ካልኣይቲ መድረኽ ኣትየን።

ብነጥቢ’ውን ኣርሴማን ሮዚናን ተመሳሳሊ 12 ነጥቢ፡ ሄርሚላን ሰዶንን ድማ ብተመሳሳሊ 11 ነጥቢ ካብ ቀዳመይቲ ክሳብ ራብዐይቲ ተገዚመን ነይረን።

ኣብ ናይ ጋንታ ውድድር፡ ተመራሪሐን ጋንታ ደቡብን ትጽቢትን - ብ8 ሰዓት፡ 26 ደቒቕን 12 ካልኢትን፡ ዓራግ ከኣ፡ 1 ደቒቕን 47 ካልኢትን ድሕሪኦ፡ ሰዒብተን ናብ ካልኣይቲ መድረኽ ኣትየን።

ደቂ ተባዕትዮ፡ ጊንዳዕ በጺሖም ብምምላስ፡ 135 ከሎሜተር ዘዋርም። ዳርጋ ክሳብ ምምላስ ጊንዳዕ ገለ ዘርጡብ ዝበሉ ተቐዳደምቲ ጉዳፍን፡ ዝጠዝሑ ኣብታ ቦታ ብሓባር ተጠወዮም። ገለ ተቐዳደምቲ’ውን ኣብታ ከተማ ሰሪ ዝወቐዐ ማይ ጉዳይ መውደቕቲ ክኾኑ ተቐሲቦም እዮም።

ጋሕቴላይ በጺሖም ኣብ ዝወርዱሉ ዝበሩ እዋን፡ ኣብል ሳሚ ካብ ጋንታ ናትና፡ ተባዕ ውሳነ ወሲዱ መሊቑ ንበይኑ ተሓንበበ። ኣብ ደንጎሎ ግና፡ ኤሽን ዳኒኤል - ሰምበል፡ ንፍታሌም ቅዱስን ዮኤል ሚካኤልን ካብ ደንደን ኣርኪቦም ሓብሮሞ።

ምስቶም ድሐርም ዝተጸምበርዎም ከተማ ባጽዕ ድሕሪ ምእታው ከኣ፡ ንፍታሌም፡ ንኹሎም በሊጹ ብ3 ሰዓት፡ 24 ደቒቕን 44 ካልኢትን ቀዳማይ ኣትዩ። ወዲ ጋንታኡ ዮኤል፡ ኣቦኣት ሰምበል ኤሽን ዳኒኤልን ዳኒኤል ሃይለን፡ ናይታ ጸወታ ብሉጽ ተቐዳዳማይ ዝተባህለ ኣቤል ሳሚ፡ ከምኡ’ውን ተቐዳዳማይ ጉዳይፍ ሄኖክ የማኑ ብተመሳሳሊ ግዜ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም።

ኣብታ መድረኽ ተቐዳደምቲ ኣብ ምኻድን ምምላስን ኣብ ጋሕቴላይ ናይ መንነ ጸወታ ቅጽበታዊ ውድድር ነይራቶም። ንቐዳመይቲ - ዮናታን ቴድሮስን እሰይ ኪዳንን - ደንደን፡ ሰም ተስፋኣለም ካብ ጋንታ ደቡብ፣ ንካልኣይቲ ከኣ፡ እያቤድ ኤፍሬም - ደንደን፡ ዳይሞን ሰለሙን - ትጽቢት፡ ኤርሚያስ ዕቁባይ ጋንታ ደቡብ ከሰቦምለን።

ንፍታሌም ቅዱስ ከኣ፡ ብ11 እኩብ ነጥቢ፡ ትሽዓተን ሸሞንተን ነጥቢ ንዝኣከቡ ዮኤል ሚካኤልን ኤሽን ዳኒኤልን ኣኸቲሉ፣

- መሓሪ ኣኽሊሉ ከኣ፡ ልዕሊ ኩሎም ጸብለል ብምባል፡ ቀዳማይ ኣትዩ። እያቤድ ኤፍሬም - ደንደን፡ ሰም ኣፈወርቂ - ኣስበኑ፡ ኣሰሩ ሰዒቦም ካልኣይን ሳልሳይን ኣትዮም።

ተቐዳዳማይ ኣይቢኤን - ሳሙኤል ሚካኤል ከኣ፡ ናይታ መድረኽ ብሉጽ ተቐዳዳማይ ተሰምዩ።

ዝ ክልተኡ መድረኻት ንዝበረ ከሎሜተር ብዝወሓደ ግዜ 5 ሰዓት፡ 55 ደቒቕን 59 ካልኢትን ዝወደአ ኣብል ደንደን - ዮኤል ሚካኤል ከኣ፡ ብሓፈሻዊ ግዜ ዕውት ናይዚ ውድድር ኮይኑ። ወዲ ጋንታኡ ንፍታሌም ቅዱስ ብዝተመሳሰለ ግዜ ካልኣይ፡ ኤሽን ዳኒኤል ኣርባዕተ ካልኢት ተፈንቲኑ ሳልሳይ ወዲኦም።

ብ15 ነጥቢ’ውን ንናይ ሾኣ ውድድር ተዓዊቱሉ እዩ - ዮኤል፡ ደቂ ጋንታኡ እያቤድን ንፍታሌምን 14ን 11ን ነጥቢ



ዕዉታት ግዜን ነጥቢን ኣርሴማ፡ ሄርሚላን ሮዚናን



ዕዉታት ብግዜ፡ ዮኤል፡ ንፍታሌምን ኤሽንን



ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ናይ ከተማ ኣብ እዋን ቅጽበታዊ ውድድር

ኣብ ሓፈሻዊ ግዜ’ውን ብ3 ሰዓት፡ 24 ደቒቕን 33 ካልኢትን መራሒ ኮይኑ ናብ ካልኣይቲ መድረኽ ኣትዩ፡ ዮኤልን ኤሽንን ብተኸታታሊ ብክልተን ኣርባዕተን ካልኢታት ድሕሪኡ ተሰሪዖም።

ሰንበት፡ ኣብ ናይ ከተማ (ቸርኪቶ) ጸወታ፡ ደቂ ኣንስትዮ፡ 70 ከሎሜተር ተሰሪዐለን። ሓንቲ ካብተን ትስፉዋት ተቐዳደምቲ ዝኾነት ኣርሴማ ዓንደጼን ከኣ፡ ብሾኣ ንናይታ መድረኽ ብልጽቲ ተቐዳደሚት ዝተባህለት ሄርሚላ ስምኦን ረቲዓ ንካልኣይ ተኸታታሊ መድረኽ ቀዳመይቲ ኣትያ። ኤልዳና ክብሮም ካብ ዓራግ፡ ሳልሳይቲ ኣትያ።

በዚ ድማ ኣርሴማ፡ ብ4 ሰዓት፡ 51 ደቒቕን 41 ካልኢትን፡ ዕውቲት ናይዚ ውድድር ኮይና። ሄርሚላን ሮዚናን፡ ብተኸታታሊ ብክልተን ኣርባዕተን ካልኢታት መድረኽ ዘደየበን ደረጃ ሐዚን።

ኣርሴማ፡ ብ23 ነጥቢ’ውን ንናይ ሾኣ ውድድር ብምዕዋት፡ ድርብ ዓወታት ኣመዝጊባ፡ ሄርሚላን ሮዚናን’ውን፡ ብ20ን 19ን ነጥቢ ሰዒበናኣ።

ንናይ ጋንታ፡ ኣብ ዞባ ማእከል እትውዳደር ጋንታ ደቡብ እያ ተዓዊታትሉ፡ ዓራግን ትጽቢትን ሰዒበናኣ።

110 ከሎሜተር ኣብ ዝሸፈኑ ደቂ ተባዕትዮ፡ ብሓባር ተኣኪቦም እዮም ቅጽበታዊ ውድድር ኣካይዶም፡ ተቐዳዳማይ ኤሪትሬል





መሓሪ ኣኽሊሉ፡ ንናይ ከተማ መድረኽ ብሸኚ ኣብ ዝተዓወተሉ

ኣዋህሊሎም መድረኽ ደይቦም። ጋንታኦም ደንደን ድማ ዕውቲት ‘ኤራጁንየር’ ደቂ ተባዕትዮ 2026 ኮይና።

ኣስተብህሉ

* ደቂ ኣንስትዮ፡ 14 ጥራይ እየን ነይረን። ኣብዚ ጸታ ዘሎ ኣገዳሲ ኣተሓሳስባን ዝያዳ ስራሕ ዘድልየን ሳሕዊ ተቐዳደምቲ፡ ልሙድ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። ወላ’ኳ ኣብ ዝተወሰነ ዕድመ ይኹኑ ብደረጃ ሃገር ክንዳዘኣን ጥራይ ተኻእቲ ተቐዳደምቲ ኣለዋ ማለት እዩ - እተን ክጸወታ እናደለያ ብሰንኪ ዝተፈላለየ መሓንቖ ዘይሳተፋ ዘለዋ ጉዳፍ ማለት እዩ።

* ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ናይ ዳ’ኮርሶ ተቐዳደምቲ ስለዘይብሉ፡ ኣብዚ ውድድር ኣይተሳተፈትን፣ ነዊሕ’ውን ገይራ ኣላ ካብ እትበኮር። እታ መፍረ ብሉጽ ተቐዳደምቲ ዝኾኑት ዞባ ደቡብ (ኣብዚ ውድድር ጋንታ ደቡብ ኢልናያ ዘለና፡ ኣብ ዞባ ማእከል እትውዳደር ናይታ ዞባ ጋንታ ብምኻና፡ ብናይ ዞባ ማእከል እያ ትውዳደር) ምብጋራ ግና፡ ኣዘራቢ ነይሩ። እንተ’ተን ናይ ንኡሳን ዞባታት ከፆኡ’ውን ዝኸደለን ንምምላእ ብዙሕ ጻዕሪ ዝዑብራን ብውሸጣዊ ዓቕመን ዝመሓደራን ጋንታታት ግና፡ ዝ ውድድር መቐረት ሂቦኦ ቀጻጾን፣ ሞሳ ድማ ይግብኦን።



## መደብ ጸወታ

ሎሚ

ፕሪመር ሊግ

ቶተንሃም - ኒውካሰል 10:30 ድ.ቀ

ቸልሲ - ሊድስ 10:30 ድ.ቀ

ኤቨርተን - ቦርንማውዝ 10:30 ድ.ቀ

ዌስትሃም - ማን ዩናይትድ 11:15 ድ.ቀ



## ጳውሎስ ወልደሃይማኖት ፕረዚደንት ሴካፋ ኮይኑ ተመሪጹ

ኣቶ ጳውሎስ ወልደሃይማኖት፡ ንባይቶ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ሃገራት ማእከላይን ምብራቓዊን ኣፍሪቃ (ሴካፋ)፡ ንዝመጽእ ኣርባዕተ ዓመት ፕረዚደንት ኮይኑ ክመርሓ በቲ ማሕበር ተመሪጹ።



ኣብቲ ብ7 ለካቲት ኣብ ጅቡቲ ዝተኻየደ ምርጫ፡ ግዚያዊ ፈጻሚ ዳይረክተር ሴካፋ ጂን ሴኪንዱ፡ “ጳውሎስ ወልደሃይማኖት ሓድሽ ፕረዚደንት ሴካፋ ምኻኑ እገልጽ ኣለኹ።” ኢሉ። ፕረዚደንት ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ሶማልያ ዓሊ ዓብዲ መሓመድ ድማ፡ ምክትል ፕረዚደንት ኮይኑ ተመሪጹ።

“እዚ ባይቶ፡ ኣብይ እምነት ብምሕዳሩ ኣመስግን። ብቐጻሊ እምብዛ ሓላፍነታውያን ክንከውን ዝያዳ መወልቲ ክንረክበን ምኻንና ቃል እኣቱ” ክብል ከኣ፡ ቃል ኣሰሚዑ ጳውሎስ። ጳውሎስ ፕረዚደንት ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ምኻኑ’ውን ይፍለጥ።

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## “ሩስያ ቀዲማ ኣይከተጥቅዕን እያ” ላቭሮቭ

ሩሲያ መጀመርታ ኣብ ልዕሊኣ መጥቃዕቲ እንተ ዘይተፈጺሙ ንኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ይኹን ኔቶ ከም ዘይትጥቅዕ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩሲያ ሰርጌይ ላቭሮቭ ገሊጹ።

ሚኒስተር ላቭሮቭ ነዚ ዝገለጸ ዘሎ፡ ወተሃደራዊ ኣዛዚ ጀርመን ጀነራል ካርስተን ብሩየር ኣብ ታሕሳስ 2025 ሃገሩ ኣብ 2029 ምስ ሩሲያ ክቱየድ ንዝኽእል ኩናት ድልውቲ ክትከውን ከም ዘለዋ ንዝተዛረቦ ብምጥቃስ እዩ።

ምዕራባውያን ሃገራት ንዝገብርኦ ዘለዋ ምትኽኻታኽ'ውን ወቒሱ።

ላቭሮቭ፡ “ንኤውሮጳ ንምጥቃዕ ዝኾነ ሓሳብ የብልናን። ከምኡ ንገብረሉ ምኽንያት'ውን የለን። ኤውሮጳ ኣብ ልዕሊ ፈደረሽን ሩሲያ መጥቃዕቲ እንተ ጀሚራ ግን ምላሽ ወተሃደራዊ ግብረ መልሲ ክገጥማ እዩ። ምላሽ ወተሃደራዊ ዓቕሚ'ውን እዩ ዘለና” ኢሉ።



ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ሃገሩ ኔቶ ክተጥቅዕ መደብ ኣለዋ ንዝብል ክሲ ከም ዘጸገ እዩ ዝሕብር።

ሰበ ስልጣን ሩሲያ፡ ምዕራባውያ ሃገራት ንዩክሬን ዝገብርዎ ዘለዉ ወተሃደራዊ ሓገዝ ናብ ግርጭት ከምርሕ ከም ዝኽእል እዮም ዝገልጹ።

ሞስኮ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ኑቲ ብመንገኛነት ኣመሪካ ምስ ዩክሬን ዝቕጽል ዘሎ ዝርርብ ሰላም ካብ ማስመር ንምእላይን ኑቲ ውግእ ንምንዋሕን ይጽዕር ከም ዘሎ እያ ትኸስስ።

## እስራኤል ናብ ምዕራባዊ ገማግም ከም ተስፋሕፍሕ ገሊጻ

ካቢነ እስራኤል ኣብ መላእ እቲ ዝተጎበጠ ምዕራባዊ ገምገም ባሕሪ ስልጣኑ ንምስፋሕ ዝኽእሎ እማመታት ከም ዘጽደቐ ገሊጹ።

እዚ ሓድሽ ሕጊ ንስልጣን ሓማስ ንምድኻም ዝዓለመ ምዃኑ'ውን ገሊጹ።

ሚኒስትሪ ፋይናንስ እስራኤል፡ እቲ ሓድሽ እማመ፡ ዜጋታት እስራኤል ኣብቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ፍልስጤም ዝነበረ ከብቲታት መሬት ክውንኑ ከም ዘኽእሎም ገሊጹ።



ሚኒስተር ምክልኻል እስራኤል ብወገኑ ንቃዛ ፈጺሞም ከም ዘይገድፍዋ እዩ ዝገለጸ።

ፕረዚደንት ፍልስጤም ማሕሙድ ዓባስ ንውሳነ እስራኤል ሓደገኛን ዘይሕጋውን ምዃኑ ድሕሪ ምግላጹ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራትን ጣልቃ ክኣትዉ ኣተሓሳሰበ።

ዮርዳኖስ፡ “እስራኤል ዘይሕጋዊ ልኡላውነት ትምንዝዕ ኣላ” ብምባል ንስጉምቲታት እስራኤል ኮኒና።

ዕጡቓት ሓማስ፡ ህዝቢ ምዕራባዊ ገምገም ንኽቦጣ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ግዝኣቱ ክከላኸል ጸዊዑ።

እንተ ኾነ ኣብቲ ዞባ ሓድሽ ግጭት ክይወላዕ ተሰጊኡ ከም ዘሎ እዩ ዝግለጽ።

## ሊባኖስ - ህንጻ ብምፍራሱ 14 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ሊባኖስ ከተማ ትሪፖሊ፡ ክልተ ተቐራረብቲ ህንጻታት ብምፍራሶም ብውሑዱ 14 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ ሓያሎ ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ ሰበ መዚ ናይታ ሃገር ገሊጾም።

ሲቪል ምክልኻል ናይታ ሃገር፡ ሬሳታት ናይ 14 ግዳያት ድሕሪ ምርካቡ፡ ስርሒት ምድላይን ምድሓንን ከም ዝተዛዘመ ትማሊ ሰሉይ ኣፍሊጡ።

ካብቲ ፍርስራሽ ሸሞንተ ሰባት ብህይወት ከም ዝወጽኡ'ውን ወሲኹ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ሊባኖስ ጆሴፍ ኣውን፡ ኩሉም ኣገልግሎታት ህጹጽ ረድኤት ኣብ ስርሓታት ህይወት ኣድሕን ግደኦም ከበርክቱን ካብቲ ሓደጋ ንዝደሓኑ ነበርቲ ብቐልጡፍ መጽለሊ ክወሃቡን ጸዊዑ።

ንኩሎም ግዳያት ናይቲ ሓደጋ ኣብ ሓጺር ግዜ ቀዋሚ መንበሪ ገዛ ከም ዝወሃቦም'ውን ወሲኹ ኣረዲኡ።

ጠንቂ ናይቲ ሓደጋ ብግሁድ እኳ እንተ ዘይተገልጸ፡ ዘይውሑስ ኣሰራርሓን እርጋንን ክኸውን ከም ዝኽእል እዩ ግን ዝግለጽ።

ብዙሓት ነበርቲ ናይቲ ከባቢ፡ ብሰንኪ እርጋንን ዘይውሑስ ኣሰራርሓ መንበሪ ገዛውትን ንህወይቶም ሰጊኦም ከም ዘለዉ እዮም ዝሕብሩ።

ብዘይካ'ዚ ሊባኖስ፡ ብሰንኪ ምብትባት ህንጻታት ብተደጋጋሚ ምፍራስ ዝረኣየላ ሃገር ከም ዝኾነት እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ኣብ ጥሪ ሓሊፉ ብዓል መዚ ረድኤት ጥዕና ናብሉስ፡ ኣብ ከተማ ትሪፖሊ ጥራይ 105 ህንጻታት ኣብ ሕማቕ ደረጃ እርጋን ከም ዘለዉ ብምግላጽ፡ ነበርቲ ህንጻታት ብቕልጡፍ ካብኡ ክወጽኡ ጸዊዑ ምንባሩ እዩ ዝዘከር።



## ኢራን - ኣርባዕተ ፖለቲከኛታት ትኣስር

ኢራን፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣንጻር መንግስቲ ኣብ ዝቐንዐ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ፡ ንረብሓ እስራኤልን ኣመሪካን ሰሪሖም ብዝብል ክሲ ኣርባዕተ ሰባት ኣብ ቀይዲ ከም ዘእተወት ሰበ ስልጣን ናይታ ሃገር ገሊጾም።

እቲ ናይ ምእሳር ማስርሕ ዝሓለፈ ሰንበት ከም ዝተኻየደን ሰለስተ ካብኦም ፍሉጣት ፖለቲከኛታት ከም ዝኾኑን'ውን ማዕከናት ዜና ኢራን ሓቢረን።

ቤት ፍርዲ ናይታ ሃገር፡ እቶም ጥርጡራት፡ ኢራን ካብ እስራኤልን ኣመሪካን ወተሃደራዊ ሰጎኢታት ኣብ ዘጋጥማ ዝነበረ እዋን፡ ፖለቲካውን ማሕበራውን ኩነታት ንምዝራግ ዝዓለመ ሰፊሕ ንጥፈታት ይውድቡን ይመርሑን ከም ዝነበሩ ገሊጹ።

ኢራን ኣብ ጥሪ ብሰንኪ ቁጠባዊ ቅልውላው ዝጀመረ ኣብ ርእሲ ከተማ ቴህራን ጀሚሩ ግና ናብ መላእ ሃገር ዝለሓመ ሰፊሕ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ከም ዝተኻየደ ዝዝከር እዩ።

ሰበ ስልጣን ኢራን ንቶም ሰልፈኛታት “ኣሸበርቲ” ኢሎም ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብቲ ናዕቢ ድማ ምትእትታው እስራኤልን ኣመሪካን ከም ዝነበረ እዮም ዝወቐሱ።

መንግስቲ ኢራን ድሕሪ'ቲ ናዕቢ ኣብ ዘወጽኦ ሓበሬታ፡ በቲ ናዕቢ ልዕሊ ሰለስተ ሽሕ ሰባት ከም ዝተቐትሉ ገሊጹ።



መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ብወገኑ፡ መንግስቲ ኢራን ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ዝወሰዶ ጭፍጨፋን ማእሰርትን ንኽልኦት ተቓወምቲ መልእኽቲ ምዃኑ ኣረዲኡ።

## ሩስያ ንህንዳውያን ናይ ስራሕ ዕድላት ትኸፍት

ብዙሓት ህንዳውያን ሰራሕተኛታት ኣብ ሩሲያ ሞያዊ ናይ ስራሕ ዕድላት ክኸፈተሎም ከም ዝኽእል ኣምባሳደር ሩሲያ ኣብ ህንዲ ደኒስ ኣሊፖቭ ገሊጹ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ቁጽሪ ህንዳውያን ሰራሕተኛታት ኣብ ሩሲያ ልዕሊ 70 ሽሕ ዓቕሚ ሰብ ከም ዝጋጠመን ብምግላጽ ክሳብ 2030 ዓቕሚ ዓያዪ ሰብ ናይታ ሃገር ናብ 3.1 ሚልዮን ክሳብ ክበልል ከም ዝሰራሓሉ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን ኣብ ታሕሳስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ህንዲ ኮይኑ ከም ዘሎን ኣብ መጻኢ እዚ ኣሃዝ ካብ'ዚ ዘለዎ ከም ዝወሰኽን ድማ ወሲኹ ሓቢሩ።



ኣምባሳደር ደኒስ ኣሊፖቭ፡ “ካብ ማሕበረሰብ ንግዲ ዓለም ዝመጽእ ሓብራዊ ተጉዳስነት እናዓበየን ዝተበጽሐ ስምምዓት እናተተግበረን ምስ ከደ፡ እዚ ኣሃዝ ክወሰኽ እዩ” ክብል ድማ ኣረዲኡ።

ኣሊፖቭ ቀጺሉ፡ ኣብ መንጎ ሩሲያን ህንድን ኣብ ዝገበር ዝርርብ፡ ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታት ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ዝያዳ ይሰርሓሉ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ዕዮ ሩሲያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ግዜያት ብዙሓት ኢንዱስትሪታት ሩሲያ ሕጽረት ኣብ ዝገበሮ ምብጻሕ፡ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ጉዳይ ዕድላት ስራሕ ንዜጋታተን ኣመልኪተን ስምምዓት ከም ዝተኸተማ'ውን እቲ ኣምባሳደር ወሲኹ ኣረዲኡ።

ኣብ መወዳእታ እቲ ኣምባሳደር፡ ሃገሩ ኣብ መዳይ ሕርሻ፡ ህንጻ፡ ዕደና ኑዩዩ፡ ምስራሕ ባቡራትን መራኽብን፡ መድሃኒት፡ ሕክምናን ካልእ ኣገደስቲ ጽላታትን ካብ ህንዲ ዝመጽኡ ክኢላታት ክጥቀሙ ከም ዝኽእሉ ሓቢሩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ናሬንድራ ሞዲ፡ ሃገሩ ልዕሊ 600 ሚልዮን ሰራሕተኛታት ከም ዘለዋ ኣብ 2025 ገሊጹ ምንባሩ እዮም ጸብጻባት ዝጠቕሱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ገዛ ከኒሻ | 10/02/2026 | ጎደና ክሳድ ገዋ 195 ከባቢ 2ይ ደረጃ ቤ/ት ይሳቕ ተወልደመድህን | 08202877 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services